# ታሪኻዊ ተጻብኦ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኤርትራ እንታይ'ዩ ዕላማኡ?

**ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**



ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብ27 ሰነ 2014 ዘቖሞ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ንዓመት ምሉእ ዘካየዶ 484 ገጻት ዝሓዘ ውጹእ ሓሶትን ኣጻላምን ጸብጻቡ ብ8 ሰነ 2015 ኣቕሪቡ። እዚ ጸብጻብ'ዚ ድማ ብ23 ሰነ 2015 ናብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጀነቫ ቀሪቡ።

እቲ ጸብጻብ ኣብ መእተዊኡ ጥንታዊ ታሪኽ ኤርትራ ብምጥቃስ፡ 5000 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዕድመ ዘለዎ ናይ ሕርሻ ቅርሲታት ከም ዘሎ ብምምልካት፡ ኤርትራ 25 ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብፎርዖናውያን ምስሪ መሬት ቡንት ተባሂላ ትግለጽ ምንባራ የረድእ።
ኣብዚ ንዓና ዘገድሰና ግን እቲ ኮምሽን ናብ'ቲ ኣቀዲሙ ዝወጠኖ ዕላማ ንምብጻሕ ኣብ ጸብጻቡ ብመደብ ኮነ ኢሉ ነቲ ኣብ ዓለም ዝተሰነደ ታሪኻዊ ሓቂታት ንምጥምዛዝ ዝተጠቅመሉ ኣነዋሪ ኣገባባት ምብራህ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ኣርካይቭ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንባዕሉ ተዓቂቡ ዘሎ እዩ። ኣብ ኤርትራ ንህዝቢ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕብራዊ፡ ቍጠባውን ባህላውን ሽግራት ዝፈጠረ ዓበይቲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ፍጻመታት ኣጋጢሞም እዮም። ብሰንኩ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ንፍርቂ ዘመን (1941-1991) ምሉእ ዝኣክል ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብምክያድ ልዕሊ 65 ሽሕ ብሉጻት ደቁ መስዋእቲ ብምኽፋል ናጽነቱ ጨቢጡ። ሃገረ ኤርትራ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሕሱም ታሪኽ ኣሰር ካብ ሱሩ ብምምሓው ኣብ ኩሉ መዳያት ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ትንሳኤ ንምርግጋጽ ኣብ ውሽጢ ዘይምቹእ ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታት ንርብዒ ዘመን ዝኣክል ዘይተሓለለ ጻዕሪ ተካይድ'ኳ እንተላ፡ እቶም ትማሊ ግዳይ መግዛእቲን ሕሰምን ዝገበርዋ ዓበይቲ ፖለቲካውያን ሓይልታትን ኣህጉራውያን ትካላትን ኣንጻር ህዝቢን መሬትን ኤርትራ ተጻባኢ ፖሊሲታቶም ንምዕዋት ገና ንውድብ ሕቡራት ሃገራትን ትካላቱን ከም መሳርሒ ይጥቀምሉ ኣለዉ።

መርገጺን ምኽንያታትን ፍልይቲ ተጣባቂት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ሺላ ኪ.ታርኮት፡ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራን ባይቶ ሰብኣዊ መሰላትን ድማ ካብ'ቲ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን፡ ኮሚተ እገዳታትን ባይቶ ጸጥታን ኣብ ኤርትራ ዝኸተልዎ መርገጺታት ፈሊኻ ዝርአ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዞም ኩሎም ዝተጠቅሱ ኣህጉራውያን ትካላት መሳርሒ ምምሕዳር ኣሜሪካ ስለዝኾኑ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዜን ኣንጻር'ቲ ክሃርሞ ዝደልዮ ወገን ዝጥቀመሉም ዕጥቁ እዮም። ስለዚ ከኣ ካብ መጀመርታ ክሳብ ሕጂ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዝተኸተሎ ታሪኻዊ ተጻብኦ ብሓጺር ምቅራብ ኣገዳሲ ይኸውን። ከም ዝፍለጥ እቲ ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ዘሕለፎ ውሳነ ቁጽሪ 1907 ከምኡ ድማ ብ5 ታሕሳስ 2011 ዝሕለፎ ውሳነ ቁጽሪ 2023 ኣብ ዕጹው መገዲ ምስ በጽሐን እቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝቀረበ ናይ ሓሶት ክሲታት ምስ ፈሽለን'ዩ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብመገዲ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ብ6 ሓምለ 2012 ፍልይቲ ተጣባቂት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ መዚዙ። እቲ ዓማጺ ናይ እገዳ ውሳነ ድማ ብሓይሊን ድሌትን ምምሕዳር ኣሜሪካ ጥራይ'ዩ ዝቅጽል ዘሎ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ብለካቲት 2014 ናብ ኢምባሲታቱን ቆንስላቱን ኣብ ዝሰደዶ ዘዋሪ መልእኽቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ዝሓገዘ መርትዖታት ድሕሪ ምፍሻሉ ውሳነ እገዳ ከይልዓል ዘለዎ ስግኣት ብምምልካት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ መርገጺኣ ጸኒዓ ካብ ሃለወት ግን ዘሰክፍ ጉዳይ ከህሉ ከምዘይክእል ጠቂሱ፡ ውሳነታት እገዳ ቁጽሪ 1907ን 2023ን ከይፈርሱ ግን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ከምዘለዎም ምሕባሩ ይዝከር።

እንሆ ድማ ሎሚ ምምሕዳር ኣሜሪካ ጠመተ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ካብ ውሳነ እገዳ ንምጥዋይ፡ "ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ" ብዝብል ፍሉይ ስያመ ሓደ ዓመት ምሉእ ዝወሰደ ናይ ሓሶት ጠቀነታት ምሂዙ ይርከብ። ዕላማ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር'ተን "ፍሹላት ሃገራት" ዝብለን ንምእታው ምዃኑ ድማ ርዱእ እዩ። እተን ኣሜሪካ "ፍሹላት" እትብለን ሃገራት ድማ ባዕላ ብቀጥታ ብምእታው ወይ መገዲ ወኪላታ ሓዊ ዝኸዓወትለን እየን። ናይ'ዚ ጭቡጥ ኣብነት ከኣ ከም ኣፍጋኒስታን፡ ዒራቕ፡ ሶርያ፡ ሊብያን የመንን ክጥቀሳ ይኽእላ። እቲ ጉዳይ ድማ ገና ዝቅጽል ዘሎ እዩ። እዘን ሎሚ ካብ ዓቕመን ንላዕሊ ተራ ንምጽዋት መሳርሒ ኮይነን ዘለዋ ሃገራት'ውን እተንኾና ይንዋሕ ይሕጸር ክግምጠለን ምዃኑ ክፈልጣ ኣለወን። ምኽንያቱ ኣብ መጨረስታ እቲ ጉዳይ ናይ ግዜን ቀዳምነታትን ጥራይ እዩ።

ኣብ ርእሰ ነገር ንምምላስ፡ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ነቲ ዘቕረቦ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ኣብ ምድላው ዝተጠቅመሉ ኣገባባት ጠቂስና ኔርና። ካብ'ዚ ቀጺልና ድማ ኣብ'ቲ ዝቀረበ ጸብጻብ ብምምርኳስ ጭቡጥ መርትዖታትን ነቲ ብምርሳዕ ዘይኮነስ ኮነ ኢሉ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብፋሽስታዊት ኢጣልያ፡ ብሪጣንያን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ዝተፈጸመ ታሪኻውን ፖለቲካውን ገበናት ከም ዝርሳዕ ንምግባር ዝተኸተልዎ ሜላ ዘቃልዕ ሓቂታትን ከነቅርብ ኢና። ኢጣልያ ብመሰረት'ቲ ብ10 ለካቲት 1947 ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ፓሪስ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ግዝኣታታ ምስ ለቀቐት ሊብያን ሶማልን ናጽነተን ክረኽባ ከለዋ፡ ኤርትራ ግን ምምሕዳር ኣሜሪካ ፍትሓዊ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንምጉዕጻጽ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዝተኸተሎ

ኣሉታዊ ተራ ተሓሪማ።

## ቀዳማይ፡- ታሪኽ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጸብጻቡ ገጽ 21፣ ፋሽስታዊት ኢጣልያ ኣብ እዋን ስርዓት ሞሶሊኒ ኣብ ኤርትራ ልምዓታዊ ፕሮጀክቲታት ከምዘካየደ ከጠቕስ ከሎ፡ ግዝኣታቱ ንምስፋሕ ዘካየዶ ልምዓታዊ ፕሮጀክቲታት ኣፍራዪ ኤርትራዊ ዓቕሚ ካብ መጠን ንላዕሊ ከም ዝተመዝመዘን መግዝእታዊ ስርዓቱ ንምስፋሕ ንመንእሰያት ኤርትራ ኣብ ዝወልዖ ኲናት ይሸሞም ምንባሩን ክሳብ'ቲ ኣብ 1941 ዝስዓር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኸተሎ ዘስካሕክሕ ዓሌታዊ ኣፈላላዩን ግን ዋላ ንምልክት'ውን ኣይጠቀሶን። እቲ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ድዩ ዋላስ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት'ውን ድርብ መለክዒታት ኣሎ'ዩ? እዚ ጸብጻብ'ዚ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ካብ'ቲ ኣብ ሰላምን ርግኣትን ልምዓትን ዝተሰረተ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰል ህዝብታት ዝረሓቀ ውጹእ መሳርሒ ኣጀንዳ ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምዃኑ ዘቃልዕ እዩ ነይሩ።

## ካልኣይ፡- መጉዚትነት ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ነቲ ካብ 1941-1951 ንዓሰርተ ዓመታት ዝቀጸለ ሞግዚትነት ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ክገልጽ ከሎ፡ ሰበ ስልጣን ብሪጣንያ ብዙሕ ፋብሪካታትን ትሕተ ቅርጺን ኤርትራ ከም ዘዕነዉ'ኳ እንተ ጠቀሰ፡ ዕላማ ፖሊሲ ብሪጣንያ እንታይ ምንባሩ ግን ነቲ ኤርትራ ብቍጠባ ናጻ ሃገር ክትከውን ብቕዓት የብላን ዝብል ምጉታ ክዉን ንምግባርን መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንምኹላፍን ኮነ ኢሉ ዝፈጸሞቶ ምዃና ቅንጣብ ኣይተዛረበን። እቲ ብብሪጣንያን ኣሜሪካን ዝተሰነዐ ቍጠባዊ ምጉት ድማ ሓደ ካብ'ቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ታሪኻውን ፖለቲካውን ውዲታት ምንባሩ ይፍለጥ። ብተወሳኺ ነቲ ብሪጣንያ ንኤርትራውያን ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢጣልያ ንምውዳቕ ተራኦም እንተ ድኣ ተጻዊቶም ካብ ዕብለላ ፋሽስትነት ሓራ ከም ዝወጹን ናጽነቶም ከም ዝተኸቡን ዝኣተወትሎም መብጽዓ ከምዝጠለመትን እቲ ድሒሩ ዝተፈጸመ ብኣንጻሩ ምንባሩን ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣይጠቀሶን።

1- ብሪጣንያ ንናጽነታዊ ጠለብ ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋኡ ንምብርዓን ንልዕልን ትሕትን ቍጠባ ኤርትራ ብምዕናዋን ንናይ መራኸቢታትን መጓዝዓያን መሳርሒታት ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን ናብ ሃገራት ኤስያን ብምሻጣን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኻውን ፖለቲካውን ገበን ፈጺማ እያ።
2- ብሪጣንያ ብመገዲ ቀዳማይ ሚኒስተራ ውንስቶን ቸርችል ምስ ፕረዚደንት ኣሜሪካ ነበር ፍራንክሊን ርዝቮልት ኮይኖም ታሪኻውን ፖለቲካውን ርእሰ ውሳነ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንምግሃስ እማመ ፈደራላዊ ውዕል ጠጂኦም። ኩሉ ዝውንንዎ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን ጽልዋ ተጠቒሞም ድማ ብ2 ታሕሳስ 1950 ብቁጽሪ 390(ሀ)5 ዝፍለጥ ውሳነ ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምሕላፍ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ከም እትቁረን ገይሮማ።

ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ዝነበረ ጆን ፍስተር ዳላስ ከይሓፈረ ብ12 መስከረም 1952 ብዛዕባ'ቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘሕለፎ ፈደራላዊ ውሳነ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ብሕጋዊ ዓይኒ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ግድን ኣብ ግምት ክኣቱ ነይሩዎ፡ እንተኾነ ግን እስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ንምውሓስን ንኤርትራ ምስ መሓዛና ኢትዮጵያ ክንቆርና ኣገዲዱና" ክብል ገሊጹ ነይሩ። እዚ ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ውሳነታት ኣሜሪካ ንምሕላፍን ንምትግባርን ከም መሳርሒ ዘገልግል ጥራይ ምዃኑ'ዩ ዘረድእ። ውሳነ ፈደራላዊ ሕብረት ዓመት ከይመልአ እንከሎ ድማ ብ22 ግንቦት 1953 ኣብ መንጎ ኣሜሪካን ኢትዮጵያን ብዝተበጽሐ ወተሃደራዊ ስምምዕ፡ ኣሜሪካ ን25 ዓመታት ዝቅጽል ኣብ ኣስመራ፡ ወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ወተሃደራዊ መደበራት ከተቅውም ክኢላ።

## ሳልሳይ፦ ፈደራልዊ መድረኽ ኤርትራን ኢትዮጵያን

ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ቅድሚ ብ14 ሕዳር 1962 በይናዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ንፈደራዊ ውዕል ምፍራሱን ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ምጽንባሩን ንፈደራላዊ ውሳነ ንምፍራስ ካብ መጀመርታ ትግባረ'ቲ ስምምዕ 12 መስከረም 1952 ኣትሒዙ ዝወሰዶ ስጉምቲታት ከም ቁጽጻር ፖለቲካዊ ንጥፈታት፡ ምስግዳድ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ምፍራስ ፓርላማን ጠቂሱ፡ ንኣድማታት ተማሃሮ ኣብ 1957፡ ምንቅስቃስ ሰራሕተኛታት ኣብ 1958፡ ምምስራት ምንቅስቃስ ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1958 ብምምልካት ጥራይ'ዩ ሓሊፉዎ። ነቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብሓላፍነት ዝሕተተሉ መሰረታዊ ጉዳያት ግን ኣይጠቀሶን። ገለ ካብኡ

1- ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ፈደራላዊ ውዕል ንኽኽብር፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ውዕል ንምሕላው ብዝተዋህቦ ሓላፍነት ከስገድዶ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ ኣብ ልዕሊኡ ግን ዋላ ሓንቲ ስጉምቲ ክወስድ ኣይከኣለን።

2- መንግስቲ ኢትዮጵያ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እናረኣየን እናሰምዐን ንሃገራውያን መራሕቲ ኤርትራ ጥርዓን ህዝቢ ኤርትራ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኸየስምዑ ንመገሻታቶም ናብ ኒውዮርክ ከልኪሉዎ። ሃገራዊ መራሒ ዓብደልቃድር ከቢረ ናብ መጋባእያ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መደረ ንምስማዕ ካብ ኣስመራ ክብገስ እናተዳለወ ከሎ፡ ብ27 መጋቢት 1949 ቀቲሎምዎ። ሃገራዊ መራሒ ወልደኣብ ወልደማርያም'ውን ብዝተኸተሎ ዘይከማህ ሃገራዊ መርገጺ ብኢትዮጵያ ሸውዓተ ግዜ ፈተነ ቅትለት ተኻይድሉ። ሓደ ካብቶም ውሑዳት ናጽነት ኤርትራ ክርእዩ ዕድል ዝረኸቡ ቀዳሞት ሃገራውያን መራሕቲ ከኣ እዩ።

3- ገለ ሃገራውያን መራሕቲ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምኻድ ስርዓት ኢትዮጵያ ንትሕዝቶን መንፈስን ፈደራላዊ ውዕል ይግህስ ከምዘሎን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ሓላፍነቱ ክጥቀም ከም ዝግባእን ዘዘኻኽር ጥርዓን ህዝቢ ኤርትራ ኣስሚዖም። እንተኾነ ግን ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸቡን። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ 1949 ሃገራዊ መራሒ ኢብራሂም ሱልጣን ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ "ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ዓይነት መግዛእቲ ጸሊም ይኹን ጻዕዳ ፍጹም ከም ዘይቅበል ጠቂሱ፡ ውሳኔኹም መንነትና ንምዕቃብን ናጽነትና ንምርካብን ናብ ቃልሲ ዝደፍኣና እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ንስኹም ኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ'ቲ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝውላዕ ኲናት ሓላፍነት ክትስከሙ ኢኹም" ክብል ሓቢሩ።

መደረ ሃገራዊ መራሒ ስማዒ እዝኒ ስለዘይረኸበ ከኣ፡ ቁጥዐ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ዕጥቃዊ ሰውራ ወሊዑ። ድሕቲ 30 ዓመት መሪርን ነዊሕን ተጋድሎ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ክቡር መስዋእቲ ብምኽፋል ብ24 ግንቦት 1991 ንመግዛእታዊ ሓይሊ ካብ ገጽ ምድሪ ኤርትራ ድሕሪ ምጽራጉ፡ ብ24 ግንቦት 1993 ኣብ ዘካየዶ ናጻን ርትዓውን ረፈረንደም 99.8 እወ ንናጽነት ብምድማጽ ናይ መጨረስታ ታሪኻውን ፖለቲካውን ምርጫኡ ንዓለም ኣረጋጊጹ።

## ራብዓይ፦ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ

ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት መድረኽ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኤርትራ ካብ'ቲ ብባሕቲ መስከረም 1961 ብመሪሕነት ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝተወልዓሉ ክሳብ'ቲ ብመሪሕነት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ24 ግንቦት 1991 ብዓወት ዝተዛዘመሉ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ሓርነታዊ ቃልሲ ብኢትዮጵያ ኣብ እዋን ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለ ስላሰ ካብ 1967 ጀሚሩ ብሓገዝ ኣሜሪካን እስራኤልን ዝተፈጸመ መሬት ናይ ምብዳም ፖሊሲ ብምጥቃስ ኢትዮጵያ ንጹሃት ዜጋታት ኣብ ምቅታል፡ ዓድታት ኣብ ምንዳድ፡ እንስሳታት ኣብ ምጽናትን ዒላታት ማይ ኣብ ምምራዝን ከም ዝቀጸለት ይሕብር። ኢትዮጵያ ንባዕላ “መሬት ኤርትራ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ፡ ዓሳ ንምጥፋእ ባሕሪ ምንጻፍ ከም ዘድሊ ሰውራ ንምጥፋእ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ምጥፋእ'ዩ” ትብል ነይራ እያ። ብሰንኩ ከኣ ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ክመዛበሉ ከለዉ፡ ካልኣት ኣምኣት ኣሽሓት ድማ ሃገሮም ገዲፎም ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን ስግር ባሕርታትን ክስደዱ ተቀሲቦም።

መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት በቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ኣደራዕ ጃምላዊ ህልቂትን ማእሰርትን ዕንወትን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን ምፍራስ ናይ'ቲ ኣብ 1952 ዝወጸ ፈደራላዊ ውዕልን ምዕምጻጽ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሉእ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ሓላፍነቱ ክስከም ዘዘኻኽር ተደጋጋሚ መመረንደም'ኳ እንተ ሰደዱ፡ ሰማዒ ኣይረኸቡን። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ በደል ቀዳማይ ተሓታቲ'ኳ እንተኾነ፡ ንጥርዓናት መራሕቲ ሰውራ ኤርትራን ግን ዋላ ዝተሓተ ግምት'ውን ኣይሃቦን። ኣብ መጨረስታ ግን ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ብሰውራ ኤርትራ ዝወርዶ ዝነበረ ተኸታታሊ ስዕረታትን ታሪኻዊ ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራን ክጻወሮ ስለዘይከኣለ ኣብ 1974 ወዲቑ።

ድሕሪ ውድቀት ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለ ስላሰ፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ብመሪሕነት ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም'ዩ መጺኡ። እዚ ትሕዝቶ ዘይነበሮ ጸጋማዊ ጭርሖ ሒዙ ኣብ ስልጣን ዝመጸ ስርዓት'ዚ ምስ ሕብረት ሶቬት ነበርን ምብራቕ ጀርመን ነበርን ደቡብ የመን ነበርን ኪዳን ብምቛም፡ ኣብ መጀመርታ ብዘብለጭልጭ ጭርሖታትን ካብ ባህጊታት ህዝቢ ኤርትራ ብዝረሓቀ ፖለቲካዊ እማመታትን ንሰውራ ኤርትራ ንምቁጽጻር'ዩ ፈቲኑ። ስለዚ ከኣ እቲ ኣብ ዓደን፡ ምብራቕ ብርሊን፡ ኣትላንታን ናይሮቢን ዝተኻየደ ዓሰርተ ርክባት ምፍሻሉ ዘገርም ኣይነበረን። ከም ውጽኢቱ ከኣ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንጉዳይ ኤርትራ ብሓይሊ ክፈትሖ ወሲኑ። ኩሉ ዝውንኖ ዘመናዊ ኣጽዋር፡ ዓበይቲ መዳፍዓት፡ ሚሳይላት፡ ታንኪታት፡ ስርሓት ሶቬት ናይ

ውግእ ሂሊኮፕተራትን ነፈርቲን ዝተጠቕመሉ መጠነ ሰፊሕ ሸሞንተ ወራራት ካብ 1978 ክሳብ 1986 ኣካይዱ። እንተኾነ ግን ኩሉ'ዚ ወራራት እዚ ብጽንዓትን ሓያል መኸተን ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን በርዒኑ። መልሰ ተግባር መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ግን ኩሉግዜ ንጹሃት ዜጋታት ብጃምላ ምቅታልን ዓድታት ምንዳድን ብጃምላ ኣሲርካ ኣብ ልዕሊኦም ኣረሜናዊ ግፍዒታት ምፍጻምን'ዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ሽዱሽቲኣን ክፍለ ዓለማት ክስደዱ ተገዲዶም።

ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ግን፡ ብዛዕባ ሓላፍነት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን በደልን ጃምላዊ ህልቂትን ዋላ ሓንቲ ኣይተዛረበን። እቲ ጉዳይ ብዛዕባ መሰል ወዲ-ሰብ እንተኮይኑ ስለምንታይ ዘይተዛረበ? ዶስ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ምስ ዝኸውን ድርብ ዝመለከዒታቱ ካልእ መልክዕ'ዩ ዝሕዝ።

## ሓሙሻይ:- ዶባዊ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን

ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ (1998-2000) ዝተኻየደ ኲናት በዚ ዝስዕብ ኣርባዕተ ነጥቢታት ገሊጹዎ ኣሎ።

1- ካብ ዝተፈላለዩ ምንጪታት ብዝተረኽበ ሓበሬታ ኢትዮጵያ ብ6 ግንቦት 1998 ኣብ ከባቢ ባድመ ኤርትራውያን ወተሃደራት ብምቅታል'ያ ነቲ ኲናት ጀሚራቶ።

2- እቲ ኲናት ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ካብ 1998-2000 ብሰለስተ ዓበይቲ ወራራት ክካየድ ከሎ ካብ 70 ክሳብ 100 ሽሕ ትንፋስ ወሲዱ።

3- ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ናይ መጨረስታ መልክዑ ናይ ምምልካት ዕማም ተሰኪሙ።

4- ኤርትራ ንውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ክትቅበሎ ከላ፡ ኢትዮጵያን ግን ነጺጋቶ።

ከም ዝፍለጥ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ታሪኻዊ ፍጻመታት ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተሰኒዱ እንከሎ ንኩሉ ሓቂታት ምጥምዛዞም ዘገርም እዩ። ገለ ካብኡ፡

1- ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ከባቢ ዶብ ንቡር ናይ ኮለላ ስራሕ ዘካይድ ዝነበረ ኣሃዱና ሓደጋ ቅድሚ ምውዳቶም፡ ብ19 ሓምለ 1997 ንተቓወምቲ ኣሃዱታት ኣጉጉሙ ንምህራም ብዝብል ምስምስ ኣብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ኣብ ዓዲ ምሩግ-ባዳ ኣትዮም። ኤርትራ ነቲ ዝቅጽል ዝነበረ ሕማቕ ኩነታት ንምቁጽጻር፡ ብመገዲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ16 ነሓሰ 1997 ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ነበር መለስ ዜናዊ ደብዳቤ'ኳ እንተ ለኣኸት ውጽኢት ኣይተረኽቦን። ብኣንጻሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ልኡኻት መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ሽግር ብሰላማውን ሕውነታውን ኣገባብ ንምፍታሕ ዘካይድዎ ዝነበሩ ጻዕሪታት ኣፍሺሉዎ። ንኣስፋሕፋሒ ባህርያቶም ዘቃልዕ፡ ንሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ እንኮላይ ባድመ ኣብ ውሽጡ ዘእተወ ሓድሽ ካርታ ክልል ትግራይ ድማ ብ12 ጥቅምቲ 1997 ኣብ “ወይን” ዝተሰምየ ወግዓዊ ጋዜጣኦም ዘርጊሖም። ኤርትራ ብዛዕባ'ቲ ዝወጸ ካርታ መብርሂ ንምርካብ ምስ ተወከሰት ድማ ኢትዮጵያ እቲ ካርታ ብተበግሶ ክልል ትግራይ ከምዝወጸን ማእከላይ መንግስቲ ከምዘይቕበሎን ገሊጾም። እንተኾነ ግን ኣብ'ቲ ድሒሩ ብ8 ሕዳር 1997 ዝወጸ ሓድሽ ባጤራ ኢትዮጵያ ምስ ተሓትመ እቲ ሓቂ በሪሁ።

2- ብኣንጻሩ ግን ከምቲ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጸብጻቡ ዘቕረቦ፡ እቲ ፍልልይ ናይ ዶብ ነይሩ እንተ ዝኸውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመገዲ ፓርላማኡ ብ13 ግንቦት 1998 ኣንጻር ኤርትራ መጠነ ሰፊሕ ኲናት ኣይምኣወጀን ነይሩ። እቲ ጉዳይ ብክልቲኣዊ ኣገባብ ክፍታሕ ይኽእል ነይሩ እዩ። ባይቶ ሚኒስተራት ኤርትራ ኣብ'ቲ ብ14 ግንቦት ዘካየዶ ህጹጽ ኣኼባ'ውን እንተኾነ ደድሕሪ ህዉኽ መርገጺ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣይከደን። እኳ ድኣ ነቲ ጉዳይ ብህድኣት ብሰላማውን ሕጋውን መገዲ ንምፍታሕ'ዩ ጾዊሩ። እዚ ዝስዕብ ሓሙሽተ ነጥቢታት ዝሓዘ ኣጠቓላልን ወድዓውን ፍታሕ ንምርካብ ዝሕግዝ እማመ'ውን ኣቕሪቡ።

3-

***ቀዳማይ፡-*** ፍልልያትን ዘጋጥም ናይ ዶብ ዘይምርድዳእን ብሓይሊ ዘይኮነስ፡ ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ'ዩ ዝፍታሕ። መንግስቲ ኤርትራ ድማ ንስነ-ሞጎት ሓይሊ ብትሪ ይኹንን።

**ካልኣይ፡-** ኣብ ቀዳማይ ነጥቢ ብምምርኳስ፡ ዝኾነ ይኹን ወገን ኣብ ዶብ እጀታይ ዝብሎ እንተሎ ብካርታን ሰነዳትን ንክልቲኡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንዓለምን ብወግዒ ክፍልጥ ኣለዎ። መፍትሒ ናይ'ቲ ጉዳይ ድማ ሓይሊ ዘይኮነስ ብሰላማዊ ኣገባብ ምዃኑ ክኣምን ኣለዎ።

**ሳልሳይ፡-** ካብ ሕጂ ንድሓር ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ዝካየድ ዘተ ውሑስን ናይ ተዓዘብቲን ሳልሳይ ኣካልን ምስክርነት ዘለዎን ይኸውን።

***ራብዓይ፡-*** እቲ ዘፋላሊ ዘሎ ከባቢታት ዶብ ካብ ወተሃደራዊ ህላወ ክልቲኡ ወገን ናጻ ይኸውን። ብመንጎኛ ኣካል ድማ ምርድዳእ ይካየድ።

***ሓሙሻይ፡-*** ብመንጎኛ ወይ ሳልሳይ ኣካል ናብ ምርድዳእ ክብጻሕ ምስ ዘይክኣል ድማ እቲ ጉዳይ ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ይቀርብ።

*መንፈስን ትሕዝቶን እማመ ባይቶ ሚኒስተራት ኤርትራ ሚዛናዊ፡ ሓላፍነታዊ፡ ሰላማውን ሕጋውን ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል። እዚ ንኤርትራ ጽቡቕ ስም ዝህብ ክኸውን ከሎ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ እማመ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ተቀቢሉዎ ነይሩ እንተ ዝኸውን ክልቲኣን ሃገራት ካብ'ቲ ዝኣተውኦ ኣዕናዊ ኲናት ምደሓና ነይረን። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ማለት ክፍለዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ብቀዳምነት ከኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንሰላማውን ሕጋውን ፍታሕ ታሪኻዊ ዕድል ብምጥፍኡ ከኣ ዘውቅሶ እዩ። ኣብ መጨረስታ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ንሓላፍነታዊ መርገጺ ኤርትራ ኮነ ኢሉ ምስጋሩ ዘነውሮ እዩ። እቲ ዘቕረቦ ጸብጻብ ነቲ ዘይወድዓውን ዘይስነ-ፍልጠታውን ኣገባባቶም ዘንጸባርቕ ክኸውን ከሎ፡ ምስሊ ኤርትራን መንግስቱን ንምክፋእ ካብ ፖለቲካዊ ሕሳባት ዝብገስን ብምምሕዳር ኣሜሪካ ኣቀዲሙ ዝተዳለወን እዩ።*

4- እቲ ዘገርም ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ነቲ ከም ስምምዕ ኣልጀርስ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ18 ሰነን 12 ታሕሳስን 2000 ዝተኸተመ መሰረታዊ ጉዳይ ገዲፉ፡ ኣብ ቀንጠመንጢን ንኣሽቱ ነገራትን ምትኳሩ እዩ። ገለ ካብ'ቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ስምምዕ ድማ፡

***ሀ-*** ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ንምምልካት እቲ ካብ መግዛእቲ ዝተወርሰን ኣብ 1900,1902,1908,

ዝተወሰነ ሕጋዊ መወከሲ ክኸውን ወሲኑ።

**ለ-** ውሳነ ኮምሽን ዶብ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ይግባይ ዘይብሃሎን ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

**ሐ-** ክልቲኦም ወገናት ወይ ሓደ ወገን ካብኦም ንውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ዝነጽግ ባይቶ ጸጥታ ከስገድዶን ነቲ ውሳነ ከተግብርን ብመሰረት ምዕራፍ ሸውዓተ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር'ቲ ዝነጸገ ወገን ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድን ስልጣን ተዋሂቡዎ።

**መ-** እቲ ኮምሽን ኢትዮጵያ ንውሳነኡ ከም ዝነጸገትን ምስኡ ምትሕግጋዝ ከም ዘሓንገደትን ብምሕባር፡ ኤርትራ ድማ ነቲ ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ከም ዝተቀበለትን ኣብ'ቲ ውሳነ ዳግማይ ምዝታይ ከምዘይተቀበለቶን (ገጽ 35 ሕጥቦ 121) ኣረዲኡ።

በዚ መሰረት ነዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ትዕዝብቲታት ምጥቃስ ኣገዳሲ ይኸውን።

1- ኢትዮጵያ ነቲ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ክትነጽግ መሰል ከምዘይብላ እቲ ጸብጻብ ኣይገልጾን እዩ።

2- ብመሰረት'ቲ ዋና ጽሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነበር ኮፊ ዓናን ኣብ ዝተረኽበሉ ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ንኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ክትትግብር ከስገድዳ ከም ዝግባእ እቲ ጸብጻብ ኣይጠቀሶን።

3- ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝበሎ ኤርትራ ኣብ ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ዳግማይ ምዝታይ ነጺጋ ምባሉ ዘገርም ኣይኮነን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዳግማይ ዘተ ምጽዋዑ ዕላማኡ ነቲ ናይ መጨረስታን ትግባረ ጥራይ ዝጽበን ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ንምብርዓን ክኸውን ከሎ፡ ዕላማ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ድማ ንስምምዕ ኣልጀርስን ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብን ንምቁጻይን ንመርገጺ ኤርትራ ንምክፋእን እዩ። እቲ ሓቂ ግን ከምቲ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝብሎ ዘይኮነስ፡ ኤርትራ ኣብ ትግባረ'ቲ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ንዳግማይ ዘተ ዘየፍቅድን ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ጸኒዓ ምህላዋ እዩ። ናብ ዜሮ ተመሊስካ ከም ብሓድሽ ትዛተ እተን ኮይንካ፡ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ዝኾነ ኣህጉራውን ሕጋውን ውሳነ ምሕላፍ ትርጉም ኣይክህልዎን እዩ። ኣዳለውቲ'ቲ ጸብጻብ ተኣማንነት ሓቅነትን ሓላፍነታዊ መንፈስን እንተ ዝህልዎም ነይሩ፡ ነቲ ብመሰረት ቁጽሪ (1) ዓንቀጽ 102 ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣካል ሰነዳት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ዘሎ ስምምዓት ኣልጀርስ ዝጻረር መርገጺ ኣይምወሰዱን ነይሮም። መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ብ14 ግንቦት 1998 ባይቶ ሚኒስተራት ኤርትራ ዘቕረቦ ንክልቲኣን ሃገራት ካብ ናይ ኲናት ሓደጋ ከድሕን ዝኽእል ዝነበረ ናይ ዘተ ተበግሶ ከም ዝነጸጎ ይፍለጥ። ከምኡ'ውን ኢትዮጵያ ነቲ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ንውሳነኡ ኣብ ባይታ ንምትግባር ዘቕረቦ ዘተ ነጺጋቶ እያ። ኢትዮጵያ ንምምልካት ዶብ ኣብ ባይታ ምስ ነጸገቶ ድማ ኣቦ መንበር ኮምሽን ምምልካት ዶብ ፕሮፈሰር ኣልያሁ ሉተር በኽት ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባንኪ ሞን ናይ መጨረስታ ጸብጻቡ ብ7 ጥሪ 2008 ብምሕላፍ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቨርችዋል ዲማርከሽን ካርታታን ከም ዝተሓንጸጸ ሓቢሩ። በዚ ድማ ዕማም ኮምሽን ምምልካት ዶብ ብመሰረት ናይ 12 ታሕሳስ 2000 ስምምዕ ኣልጀርስ ተዛዚሙ ማለት እዩ።

በዚ ዝተገልጸ ሓቂታት እምበኣር እቲ ኢትዮጵያ ኣንጻር ኤርትራ ዝወልዓቶ ኲናት ዶባዊ ዘይምርድዳእ ዘበገሶ ከምዘይኮነ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ዶባዊ ሽግር እንተ ዝኸውን ነይሩ፡

ቀዳማይ ክንድኡ ዕቤት ኣይምነበሮን። ካልኣይ ድማ ኣብ ሕዳር 2003 ዶብ ብምምልካት ምተወድአን ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ናብ ንቡር ምተመልሰን ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ኩናት ሃገራዊ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ምቅያር ዕላማ ስለዝነበሮ ምስ ፈሸለ፡ ንቍጠባ ኤርትራ ብምድኻም ወይ ብቀጥታ ይኹን ብመገዲ መሓዙቱ ወይ መጋበርያታቱ ፍንውነት ብምፍጣር ክሳብ ሸቶኡ ዘረጋግጽ ናይ ኣይኩናት ኣይሰላም ባህሪ'ዩ ወሲዱ። እዚ እስትራተጂ'ዚ'ውን ፈሺሉ። ብድሕሪ'ዚ ምምሕዳር ኣሜሪካ ናይ ሓሶት ጸብጻባት ብምድላውን ምስሊ ኤርትራ ብትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን ኮሚተ እገዳን ባይቶ ሰብኣዊ መሰላትን ኣቢሉ ብምክፋእን ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብይን እገዳ ከምዝሓልፍ ገይሩ። ኣብ'ቲ ዝቀረበ ጸብጻብ ኣብ ገጽ (450) ገለ ግህሰታት ክሳብ ዳረጃ ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት ዝበጽሕ'ዩ ስለዝብል'ውን ምናልባት ኣብ'ዚ ሕሱር ተግባር'ዚ ንናይ ገበን ቤት ፍርዲ ከዋስኦ ዝደሊ ይመስል።

## ሻዱሻይ፦ ፍልሰትን ንግዲ ብደቂ-ሰብን

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ኤርትራ ወርሓዊ ብምኽንያት ሰብኣዊ መሰል ኣስታት 5000 ከም ዝወጹ ይገልጽ። ኣብ 2013 ካብ ሃገሮም ዝወጹ ብዝሒ ኤርትራውያን 23 ሽሕ ዝነበረ፡ ኣብ 2014 ናብ 44 ሽሕ ከም ዝዓረገ ድማ ይሕብር። (ገጽ42)

1- ምኽንያታት ስደት ኣብ ዓለም እንኮላይ ኣብ ምዕራብ ብዙሕ'ዩ። ኤርትራ ድማ ካብ'ዚ ዝተፈልየት ኣይኮነትን። ወዲ ሰብ ድማ ካብ ጥንታውን ዘመናውን ታሪኽ ጀሚሩ ብዝተፈላለየ ባዕላዊ ረቛሒታት፡ ብቍጠባዊ ምኽንያታት፡ ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ብኩናት ሓድሕድን ካልእ ዓይነት ኩናትን ባህርያዊ ሓደጋታትን ካብ ሃገር ናብ ሃገር ካብ ክፍለ ዓለም ናብ ካልእ ክስደድ ጸኒሑን ኣሎን።

2- ማዕበል ስደት ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ኣብ ሱሳታት መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብሓገዝ ኣሜሪካን እስራኤልን መሬት ናይ ምብዳም ፖሊሲ ምስ ተግበረ'ዩ ጀሚሩ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ናይ'ቲ ብሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ዕንወት ናይ ምፍዋስ ቀጥታዊ ሓላፍነት ዘለዎ ክነሱ ኣብ 1950 ሕጋዊ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ዝግሃሰን ፈደራላዊ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዘስገደደን ኣብ 1962 ፈደረሽን ኣብ ምፍራስን ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ምጽንባርን ምስ ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተመሓዘወን ብምንባሩ፡ ነቶም ኣብ ሱዳንን ኣብ ካልኦት ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ዝነበሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ትም ኢሉ ይዕዘቦም ነይሩ። መግዛእታዊ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ (1974-1991) ብሶቬት ሕብረት ነበርን መሓዝቱን እናተሓገዘ ብዝፍጽሞ ዝነበረ ናይ ቀይሕ ሽብር ኣረሜናዊ ተግባር ኣሽሓት ኤርትራውያን ንምዕራብ ምብራቕን ዓለም ክስደዱ ተገዲዶም። ይኹን'ምበር ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዝነበረ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ክኹንኖ ይትረፍስ ብጩቕ'ውን ኣይበለን። እቲ ዘደንጹ ድማ ሎሚ ብመገዲ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣቢሉ ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ትምህርቲ ክህብ ምፍታኑ እዩ። ብሓቂ ፖለቲካዊ ብዕልግና ጥራይ'ዩ ክበሃል ዝከኣል።

3- ምምሕዳር ኣሜሪካን መሓዝቱን መጋበርያታቱን ናይ ትምህርቲ ዕድል ክንበኩም ኢና ዝብል ባዶ መብጽዓታት ብሓደ ወገን፡ ናይ ስራሕ ዕድልን ፖለቲካዊ ዑቅባን ዝብል ድማ በቲ ካልእ እናቕረቡ

ንኤርትራ ካብ መንእሰያታ ባዶ ንምትራፍ ክጽዕሩ ይርከቡ። ፕረዚደንት ኣሜሪካ ባራክ ኦባማ ኣብ 2009 ንኤርትራውያን ስደተኛታት ፖለቲካዊ ዕቑባ ክንህብ ኢና ዝብል ውሳነ ቁጽሪ 1349 ከም ዘሕለፈ'ውን ይፍለጥ።

4- ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኤርትራዊ'የ ኢልካ መሰል ፖለቲካዊ ዑቑባ ብዘይጸገም ክትረክብ ቀሊል ስለዝኾነ ከኣ ብዙሓት ካብ ጎረባብቲ ኤርትራ ዝተሰዱ ዜጋታት ኤርትራውያን ኢና ከም ዝብሉ ብዙሕ ምዕራባዊ ጸብጻባት የረጋግጽ።

5- ኤርትራ ግዳይ ናይ'ቲ ምምሕዳር ኣሜሪካን መሓዝቱን ብመገዲ'ተን ንረብሓ ዋሽንግቶን ብቐጥታ ይኹን ብስዉር ዝሰርሓ ትካላት ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቢሎም ንመንእሰያት ናብ ሓደጋ ሞት ምድረ በዳን ባሕሪታትን እናደፍኡ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኤርትራ ንምጽንቃቕ ክሰርሑ ይርከቡ።

6- ገለ ኤርትራውያን ግዳይ ናይ'ቶም ብንግዲ ኣካላት ወዲ-ሰብ ዝተፈልጡ ኣህጉራውያን ገበነኛታት ኮይኖም እዮም። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ5 ለካቲት 2013 ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባንኪ ሞን ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ: "ኤርትራ ቅድሚ 10 ዓመት ንግዲ ብደቂ-ሰብ ዝምልከት እከይ ተግባራት ደምሲሳቶ እያ። እዚ ጉዳይ'ዚ ሓደ ካብ'ቲ ንቀያዲን ናይ መጨረስታን ውሳነ ኮምሽን ዶብ ንምትግባር ዝዕንቅፍን ኣንጻር ኤርትራ ዝተኣወጀ ኲናትን እዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ንሰብኣዊ መሰላት ዝግህስ ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ'ቲ ኣብ ዜጋታቱ ዘለዎ ሓላፍነትን ኣህጉራውን ሰብኣውን ግቡኣትን ብምብጋስ ነዚ ተርእዮ'ዚ ካብ ሱሩ ንምብንቋስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ናጻን ቅሉዕን መርመራታት ከካይድን ነቶም ኢድ ዘለዎም ወገናት ከኣ ናብ ፍርዲ ክቕርብን ከም ዝጠለበ ይፍለጥ።

እንተኾነ ግን ጻውዒት ፕረዚደንት ኤርትራ ብወገን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተግባራዊ መቓልሕ ወይ ደገፍ ኣይረኸበን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ንኤርትራ ኣብ ምኽሳስ'ዩ ተጓዪዩ። ስለዚ ከኣ ከምቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ'ቲ ታሪኻዊ መርገጺኡ ኣንጻር ኤርትራ ጸኒዑ ከምዘሎ'ዩ ዘብርህ።

7- ተርእዮ ፍልሰትን ንግዲ ብደቂ-ሰብን ንምፍታሕ ሃገረ ኤርትራ ብመገዲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ብ16 ጥቅምቲ 2014 ኣብ ኻርቱም ኣብ ዝተኻየደ ዞባዊ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ እዚ ዝስዕብ ኣርባዕተ ነጥቢታት ዝሓዘ ወረቐት ኣቕሪባ።

**ቀዳማይ፡-** ንግዲ ብደቂ-ሰብ ዝፍጽሙ ገበነኛታትን ኲሎም ብዝተፈላለየ ጉልባብ እንኮላይ ጉልባብ ሰብኣዊ መሰላት ተጠቂሞም ኣብ'ዚ ገበን'ዚ ዝዋስኡን ገበን ዝፍጽሙን ወገናት ንምንጻርን ንምሓዝን ናብ ፍርዲ ንምቕራብን ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ምክያድ።

**ካልኣይ፡-** ኣብ'ተን ምንጪ ፍልሰት ኮይነን ዘለዋ ሃገራት ቀጻልነት ዘለዎ ቍጠባውን ማሕበራውን ልምዓት ንምርግጋጽ ኣድማዒ ፖለቲካዊ ጻዕሪ ምክያድ።

**ሳልሳይ፡-** እተን ስደተኛታት ዝኸድወን ሃገራት ናይ ኢምግረሽን ፖሊሲታተን ዳግመ ርእይቶ ክገብራሉን ብዘይ ጭቡጥ ምኽንያት ንኤርትራ ፈሊኻ ናይ ምርኣይን ግዳይ ናይ ምግባራን ኩነታት ደው ክብል።

**ራብዓይ:-** መሰል ስደተኛታት ከሕሎን ናይ ትምህርቲን ሞያን ስራሕን ምስ ቀንዲ ሃገሮም ናይ ምርኻብን ናብ ሃገሮም ዑደት ናይ ምክያድን ዕድል ክረኽቡ።

8- ብሪጣንያ ንልዕለን ትሕተን ቊጠባ ኤርትራ ከምዘዕነወት ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። እቲ ዝተረፈ ድማ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ደምሲሱዎ። መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ንዝዓነወ ትሕተ ቅርጺ ብስነ-ፍልጠታውን ዝተጸንዐ ኣገባብን ንምህናጽ ካብ ባዶ'ዩ ተበጊሱ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ርኡይ ምዕባለ ከረጋግጽ ክኢሉ። እንተኾነ ግን እቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣንጻር ኤርትራ ዝወልዖ ኲናት ኣዕንዩዎ። ምምሕዳር ኣሜሪካ ብወገኑ ምስ ገለ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ምሓዝቱ ኮይኑ ውሳነ እገዳ ቁጽሪ 1907ን 2023ን ብምሕላፍ ብመገዲ ኣህጉራዊ ባንክን ማዕከን ገንዘብ ዓለምን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣቢሉ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ቊጠባዊ ምብታኽ ኣካይዱ። ስለዚ ካብ ቁጽጽር'ቲ መንኮርኮር ቊጠባ ኤርትራ ንምድራኽ ግዜ ከየባኸነን ቊጠባዊ መጻኢ ሃገር ከየጥፍኣን ቀጻሊ ጻዕሪ ዘካይድ ዘሎ መንግስቲ ኤርትራ ወጻኢ ብዝኾነ ወድዓዊ ምኽንያታት መስርሕ ሕንባበ ቊጠባ ኤርትራ ምዝሕታሉ ዘገርም ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ ገለ ኤርትራውያን ኣብ'ተን ኣብ ዓቢ ቊጠባዊ ምክት ኣትየን ዘለዋ ሃገራት ምዕራብ ብምኻድ ኩነታት መነባብርኦም ከመሓይሹ ዝኽእሉ ስለዝመሰሎም ካብ ሃገሮም ክወጹ ከለዉ፡ ገለ ድማ ግዳይ ናይ'ቶም ንግዲ ደቂ-ሰብ ዘካይዱ ገበነኛታት ኮይኖም እዮም።

9- ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ሓቅነት ከምዘይብሉን ብኣእምሮ ሰባት ንምጽዋት ዝቀረበ ጥራይ ምዃኑን እቲ ኣቕሪቡዎ ዘሎ ኣሃዛት ጽቡቕ ገይሩ ዘብርህ እዩ። ናይ ብሓቂ ከምቲ ዝበሎ ወርሓዊ ካብ ኤርትራ 5000 ዜጋታት እንተ ድኣ ይወጹ ኮይኖም ኣብ 2014 ዝወጹ ኤርትራውያን 44 ሽሕ ዘይኮነስ 60 ሽሕ ክኸውን ነይሩዎ። ኣቲ ኮምሽን ዘቕረቦ ጸብጻብ ሓቀኛ እንተ ዝኸውን ነይሩ ድማ ሎሚ ኤርትራ ነበርቲ ዘይብላ ምኾነት ነይራ። ስለዚ እዚ ፍሹል ተዋስኦ'ዚ ነቲ ስዉር ዘይኮነ ፖለቲካዊ ዕላማታቱ ንምርግጋጽ ዋላ ኣብ ቁጽሪ ስደተኛታት ምድንጋራት ክፈጥር ድሕር ከምዘይብል'ዩ ዘረድኣና። ብዝኾነ እቲ ኮምሽን ዘቕረቦ ኣሃዛት ከም'ቲ ዘቕረቦ ጸብጻብ ኣብ ሓሶትን ቅሉዕ ምድንጋርን ዝተሰረተ እዩ።

**ሻቡዓይ:- ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ**

ብመሰረት ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ኣብ ሽግርን ቁልውላውን ምስ ጎረባብታ ወጥሪ ኣብ ምፍጣርን ዝተመርኮሰ ምዃኑ'ዩ ኣብ ገጽ 45,43 ናይ'ቲ ጸብጻብ ገሊጹዎ ዘሎ። ነቲ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ዘጋጥም ጸገማት ዝተጻወተቶ ተራ ይትረፍስ ንሓቀኛ ፖለቲካዊ መትከል ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ከገልጾ'ውን ኣይመረጸን። ልክዕ'ዩ ኤርትራ ብሰንኪ'ቲ እትውንኖ ጂኦ-እስትራተጂ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ብሪጣንያን ብዘጋጠማ ውዲታትን ግዳይ ስለዝኾነት ኣብ ዞባና ድሕሪ ኩሉ ናጽነታ ዘረጋገጸት ሃገር እያ። ከምቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ'ውን ሶቬት ሕብረት ነበር ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ኣብ ወተሃደራዊ ወጥሪ ኣትያ እያ። ጎረባብቲ ሃገራት'ውን እንተኾና ንምምጻእ ሓዳስ ሃገር ኤርትራ ብሓጎስ ኣብ ክንዲ ዝቅበልኣን ንሓባራዊ ረብሓ ብዘገልግል ምስኣ ኣብ ክንዲ ዝተሓጋገዛን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያታ ኢደን ኣብ ምእታውን ብዋጋ ሉኣላዊ መሬታ ክስፋሕፍሓን እየን ተጓዪየን። ምስ'ዚ ኩሉ ግን መንግስቲ ኤርትራ ምስ'ዞም ስርዓታት እዚኣቶም ብተመሳሳሊ

ኣይተዋስአን። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ በዚ ዝስዕብ ሓሙሽተ ነጥቢታት ክጠቓለል ዝኽእል ካብ መትከል ናይ ወጻኢ ፖሊሲኡ ተበጊሱ'ዩ ዝሰርሕ ነይሩ።

1- ምስ ኩለን ሃገራት ኣብ ማዓርነት ዝተሰረተ ዝምድና ምቛም።
2- ምስ ኩሎም ወገናት ሓድሕዳዊ ምክብባር ምርግጋጽ።
3- ንረብሓ ኩሉ ብዘረጋግጽ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ምፍጣር።
4- ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ኢድካ ዘይምእታው።
5- ኣብ ናይ ኪዳናት ፖሊሲ ዘይምእታው።

**ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ነዚ ዝስዕብ ንምርግጋጽ ይሰርሕ።**

1- ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ረብሓታት ሃገረ ኤርትራ ምርግጋጽ።
2- ኣብ ዓለምን ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ሰላም፡ ጸጥታ፡ ርግኣት፡ ልምዓትን ብልጽግናን ምስፋን።

**ሻሙናይ፡- ኤርትራን ጎረባብቲ ሃገራትን**

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኤርትራ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን ሰላም ርግኣትን ንምስፋን ዝተጻወተቶን እትጻወቶን ዘላ ተራ ምናልባት ኣይፈልጦን ወይ'ውን ኮነ ኢሉ ክጎስዮ መሪጹ ኣሎ። ስለዚ ናይ ውሳነታቱ ሉኣላውነት ስለዘይብሉ ኣብ ኣእምሮኡ እንተ ተመልሰ ገለ ዝተሰነደ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሓቂታት ምሕባሩ ዝጽላእ ኣይኮነን።

**1- ኩነታት ሶማል**

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ነቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዓሚቍ ስሩ ዝሰደደ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዝምድና ኤርትራን ሶማልን ክፈልጦ ኣይክእልን ይኸውን እዩ። ሶማል እታ እንኮ ሃገር ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ 1961 ክሳብ መላእ ናጽነት 1991 ደው ዝበለት እያ። ኩሉ ዓይነት ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ዜናውን ፋይናንሳውን ሓገዛት ንሰውራ ኤርትራ ኣበርኪታ። ብተወሳኺ መብዛሕትኦም ኤርትራውያን ወተሃደራት ይኹኑ ፖለቲከኛታት ወይ ተራ ሰብ ናይ ሶማል ፓስፖርት ይሕዙ ነይሮም። ስለዚ ከኣ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ንዝምድና ኤርትራን ሶማል በዚ ኣብዚ ቀረባ ዝተኸስተ ስርዓት እስላማዊ መጋባእያታት ደሪቱ ክርእዮ ምፍታኑ ከም'ቲ ኣብ ብዙሕ ዘይፈልጦ ጉዳያት ዝኣተወ ነዚ ዝምድና'ዚ እውን ከምዘይፈልጦ'ዩ ዘረድእ። ከም ዝፍለጥ ኤርትራ ምስ እስላማዊ መጋባእያታት ዝተፈልየ ዝምድና ኣይነበራን። ኣንጻሩ ወይ ኣንጻር ዝኾነ ካልእ ወገን'ውን ኣይኮነትን። ገና ኣብ'ቲ ሻራ ዘይወስድ መርገጺኣ እያ ጸኒዓ ዘላ።

ኤርትራ ብኣንጻር ናይ'ቲ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝጥምቶ ንጉዳይ ሶማል ብኣጠቓላሊ ካብ ኪስማዮ ክሳብ መቓድሾን ቦሳሶን ሃርጌሳን ብሓደ ዓይኒ'ያ

ትርእዮ። ብኣንጻር ናይ’ቲ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝብሎ፡ እቲ ኣንጻር ወራር ኢትዮጵያ ንሶማል ኣብ ዋና ከተማ ኣስመራ ብ6 መስከረም 2007 ዝተኻየደ ጉባኤ ተቃወምቲ ሶማል መልሰ ተግባር ኤርትራ ንወራር ኢትዮጵያ ወይ ብትእዛዝ ኤርትራ ዘተኻየደ ዘይኮነስ፡ ንጠለብ ሃገራውያን ሓይልታት ሶማል ንምምላስ ብሶማላውያን ዝተኻየደ እዩ ነይሩ። እቲ ጉባኤ ድማ ከምቲ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝብሎ ኣብ ውሽጢ እስላማዊ መጋባእያታት ዝተሓጽረ ዘይኮነስ፡ ኩሎም ፖለቲካውያን ወገናት ሶማል ኣንኮላይ ሲቭላዊ ማሕበረሰብ ምስ ኩሉ ኣቓውማታቱ ዝተሳተፍዎ እዩ ነይሩ። እቲ እንኮ ኣብ ጉባኤ ኣስመራ ዘይተሳተፈን ዝተቃወሞን ወገን ምንቅስቓስ ሸባብ ኣልመጃህዲን እዩ ነይሩ። ከምቲ መጽሄት ኣፍሪካ ኮንፊደንሻል ኣብ ናይ 20 ሕዳር 2009 ሕታሙ ዝገለጾ ድማ ንኤርትራ ሓንቲ ካብተን ተጻባእቱ እዩ ገሊጹዋ። እቲ ዘገርም ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኤርትራ ንምንቅስቓስ ሸባብ ኣልመጃህዲን ትሕግዝ’ያ ኢሉ ምኽሳሱን ኣንጻራ ቀጺልና እነቅርቦ ዓማጺ ውሳነታት ምሕላፉን እዩ።

ነገራት ምእንቲ ከይተሓዋወሱን ፍጻመታት ቅኑዕ መስመሩ ንምትሓዝን ምእንቲ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ናይ ግድን ክልተ መሰረታውያን ነጥቢታት ምንጻር የድሊ።

*ሀ*- ካብቲ ናጽነት ኤርትራ ብ24 ግንቦት 1991 ዝተረጋገጸሉ እዋን ጀሚሩ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንሽግር ሶማል ብኣጋኡ ንምቁጽጻር ተበግሶ ብምውሳድ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ሶማል ዓሊ ማህዲ መሓመድብ ጀነራል መሓመድ ፈራሕ ዓይዲድን ኣብ ኣስመራ ዘተ ወዲቡ። ተበግሶ ኤርትራ ክዕወት ቀሪቡ እንከሎ ግን እዚ ዘይብሃል ተበግሶታት ብዝተፈላለየ መኣዝን ናብ ሶማል ውሒዙ። ንሶማል ናብ ፍኑው ሽግር ንምሽማም ድማ ንተበግሶ ኤርትራ ኣበርዒኖምዎ።

**ለ**- መንግስቲ ኤርትራ ብ2 ለካቲት 2012 ብመገዲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣቢሉ ኣብ ሽግር ሶማል ዘለዎ መርገጺ በዚ ዝስዕብ ሽዱሽተ ነጥብታት ኣነጺሩ።

**ቀዳማይ፡-** ሽግር ሶማል ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝፍታሕ ኣይኮነን።

**ካልኣይ፡-** ኣብ ሶማል ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ዘስገድድ ዋላ ሓደ የለን ክህሉ’ውን ኣይግባእን።

**ሳልሳይ፡-** ሽግር ሶማል ብናይ ሌላንጉሌን ኣገባብን ፖለቲካዊ ምግላልን ዝፍታሕ ኣይኮነን።

**ራብዓይ**፡- ሽግር ሶማል ብሶማላውያን ባዕላቶም እንተ ዘይኮይኑ ብካልእ ወገን ዝፍታሕ ኣይኮነን።

**ሓሙሻይ፡-** ፍታሕ ሽግር ሶማል ኣብ ደቡብን ማእከልን ጥራይ ዝተወሰነ ዘይኮነስ፡ ናይ ግድን ንምድረ ቡንትን ምድረ ሶማልን ከጠቓልል ኣለዎ።

**ሻዱሻይ፡-** ናይቶም ብሶማላውያን ሓይልታት ቅቡላት ዝኾኑ ናይ ወጻኢ ወገናት ዝጻወትዎ ተራ ንሶማላውያን ሽግሮም ባዕላቶም ንኽፈትሑ ኣብ ምሕጋዞም ጥራይ ክውሰን ኣለዎ። እተን ኣብ ሶማል ፍሉይ ረብሓ ዘለወን ሃገራት ድማ ካብዚ ጉዳይ’ዚ ክርሕቃ ይግባእ።

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ከም መቕጸልታ ናይ’ቲ ታሪኻዊ ሓቂታት ናይ ምልዋጥን ፖለቲካዊ ክውንነት ናይ ምትምያንን ባህርያቱ ከምኸነ ንዘይክእል ጉዳይ ወራር ኢትዮጵያ ንሶማል

ብ24 ታሕሳስ 2006 ንምምኽናይ ስኽፍ ኣይበሎን። ከይሓፈረ ድማ ኢትዮጵያ ኣብ መጨረስታ 2006 መሰጋገሪ ፈደራላዊ መንግስቲ ንምቛም ኣንጻር ሶማል ጸረ መጥቃዕቲ ብምውሳድ ካብ ገለ ዝተወሰነ ከባቢታት ንእስላማዊ መጋባእያታት ኣልይዎ (ገጽ 47) ክብል ገሊጹ። ብስነ-ሞጎት መጥቃዕቲ ሶማል ንኢትዮጵያ ናይ ግድንዩ ነይሩ ክብል ገሊጹ። ስለዚ ሞጎት ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ቅሉዕ ሕሳባት ዝብገስ ሓንኳል ካብ ኮነ ዋላ ሓንቲ ዝግበር የለን።
ከም ዝፍለጥ፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ንሶማል ንኽወርርን ሶማል ንኽቆጻጸርን ፈቒዱሉን ዘድልዮ ወተሃደራውን ተክኒካውን ሓገዛት ኣበርኪትሉን እዩ። ተሓጋጋዚት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃ ዝነበረት ጀንዳይ ፍረዘር "ኢትዮጵያ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ናብ ሶማል እንተ ድኣ ኣትያ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ምስ ዝኹንና ዓቢ ጌጋ ፈጺሙ ማለትዩ፡ ክትብል ከም ዝገለጸት ኣቦ መንበር ስርሒት ዓቃብ ሰላም ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ ጀን ማሪጎሂኖ ብ26 ሰነ 2006 ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ሓቢሩ። ሓንቲ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾነት ሃገር ኣብ ልዕሊ ካልእ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾነት ሃገር ንዝፈጸሞ ወራር ብሓደ ትካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክምኽነ ብመሰረቱ ምስ ዕላማን ሓላፍነትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ቻርተሩን ዝጻረር እዩ።

## 2- ኢትዮጵያ

ኤርትራ ኣብ 1992 ኢትዮጵያ ናብ ዓዘቅቲ ኲናይ ሓድሕድ ምእንቲ ከይትሸመም ኣብ መንጎ መሰጋገሪ መንግስቲን ተቓወምቱ ሓይልታትን ኣኼባ ወዲባ።

## 3- ጂቡቲ

ኤርትራ ኣብ መንጎ መንግስትን ዕጡቓት ተቓወምቲ ጂቡቲን ግንባር ምእንቲ ሓድነትን ደሞክራስን (ፍሮድ) ንዝነበረ ፍልልያት ብዘተ ንምፍታሕ ኣብ 1992ን 1993ን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ጻዕሪታት ኣካይዳ እያ።

## 4- የመን

ኤርትራ ሓድነት የመን ንምዕቃብን ነታ ሃገር ካብ ኲናት ሓድሕድ ንምድሓንን ርኡይ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ተበግሶታት ወሲዳ እያ። ፕረዚደንት ኤርትራ ብኣካል ኣብ 1994 ኣብ መንጎ ሰንዓን ዓደንን ተደጋጋሚ ዑደታት ኣካይዱ።

## 5- ሱዳን

ኤርትራ ንሱዳን ንምሕጋዝን ነቲ ብውሽጣውን ዞባውን ኣህጉራውን ረቛሒታት ንዝተኸሰተ ሽግር ሱዳን ነባሪን ፍትሓውን ፍታሕ ንምርካብ ካብ 1991 ጀሚራ ጻዕሪታት ከተካይድ ጸኒሓ። ቀዳማይ ርክብ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ሱዳን ማርሻል ዑመር ኣልበሽርን ኣቦ መንበር ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ምትእኽኻብ ሱዳንን ድማ ብኣላይነት ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ተኻይዱ። ኣብ መንጎ መንግስቲ ሱዳንን ተቓወምቲ ውድባት ምብራቕ ሱዳንን ዝተበጽሐ ሰላም ምብራቕ ሱዳን ድማ ብ14 ጥቅምቲ 2006 ኣብ ኣስመራ ብኣላይነት ኤርትራ'ዩ ተኸቲሙ።

## ታሸዓይ፦ ኤርትራን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን

ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ፖለቲካዊ ዝምድና ኤርትራን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ከምቲ ልሙድ ንነገራት ብምጥምዛዝን ኣስማቶም ብምልዋጥን'ዩ ጀሚሩዎ። ንኣብነት፡

1- ዝምድና ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኤርትራን ጽንኩር ነይሩ ይብል'ሞ፡ ናይ ኣሜሪካ ሎቢ ነቲ ሓፈሻዊ መጋባእያ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብ2 ታሕሳስ 1949 ዘሕለፎ ፈደራላዊ ሓድነት ኣብ ምጽዳቅ ሓያል ተራ ከም ዝተጻወተ ይገልጽ። እቲ ቅኑዕ ግን ፈደራላዊ ውሳነ ኣብ 1949 ዘይኮነስ ኣብ 1950'ዩ ሓሊፉ።

2- ውድብ ሕቡራት ሃገራት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ጉዳይ ኤርትራ ከም መግዛእታዊ ሕቶ ክርአ ዘቕረቦ ጠለብ ብእወታ ኣይመለሰሉን።

3- ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ብ2000 ዝወጸ ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ምትግባር ድሕሪ ምፍሻሉ፡ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ዓቃቢ ሰላም ሓይሊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጽኑዕ ቀይዲ ገይራ። ነዳዲ ስለዝሓረመቶ ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 31 ሓምለ 2008 ዕማሙ ከብቅዕ ተገዲዱ ይብል። እቲ ቅኑዕ ግን ውሳነ ኮምሽን ዶብ ብ13 ሚያዝያ 2002'ዩ ወጺኡ።

4- ባይቶ ጸጥታ ብመሰረት ውሳነ ቁጽሪ 1907 (ገጽ 49-53) ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ምስ ኣሕለፈ ድማ ዝምድና ኤርትራን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝያዳ ኣንቆልቁሉ።

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ካብ'ቲ ኣብ ኣርካይቭ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መሊኡ ዘሎ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ሓቂታት ንምርሓቅ ወይ ንምጥዋይ ዝከኣሎ ጻዕሪ'ዩ ኣካይዱ። ንኣብነት፡

**ሀ**- ኣብ መንጎ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኤርትራን ታሪኻዊ ዝምድና ኣይነበረን። እኳ ድኣ ፋሽስታዊት ኢጣልያ ድሕሪ ምስዓራ ብመሰረት'ቲ ብ10 ለካቲት 1947 ዝተኸየደ ስምምዕ ሰላም ፓሪስ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነበራ ግዝኣታታ ምስ ገደፈት፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ብምግፋፉ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ገበን ስለዝፈጸመ ምስኡ ዝኸፍአ ዝምድና'ዩ ጸኒሑ። ብ2 ታሕሳስ 1950 ድማ ንኤርትራ ብዓመጽ ምስ ኢትዮጵያ ፈደራላዊ ሓድነት ክትገብር'ዩ ኣገዲዱዋ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንኣርብዓ ዓመታት ማለት ክሳብ'ቲ ብ24 ግንቦት 1991 ብመስዋእቲ ብሉጻት ደቁ ናጽነቱ ዝጭብጥ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ሰብኣውን ቍጠባውን በደላት ተፈጺሙ።

**ለ**- ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ፡ ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንኤርትራዊ መንነት ንምጥፋእ ክሰርሕ ከሎ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምጽላም ዘይኮነስ፡ እቲ ነቲ ውሳነ ዘሕለፈ ኣካል ንሱ ስለዝነበረ ካብ ግህሰት ኢትዮጵያ ክሕልዎን ክዕቅቦን ግቡኡ ስለዝኾነ እዩ። እነተኾነ ግን እቲ ዘጋጠመ ብኣንጻሩ'ዩ ነይሩ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንቀጻሊ ግህሰት ኢትዮጵያ ዓይኑ ዓሚቱ ይሓልፎ ነይሩ። ነቲ ሃገራውያን መራሕቲ ኤርትራ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ጥርዓናትን ኣውያት ህዝቢ ኤርትራን ንኸይሰምዕ ድማ እዝኑ ኣጽሚሙ።

**ሐ**- ህዝቢ ኤርትራ ብተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያን መሓዙቶም ኣሜሪካውያን፡ እስራኤላውያን፡ ሶቬታውያንን ምብራቕ ጀርመናውያንን ግፍዒታትን ጃምላዊ ህልቂትን ክወርዶ ከሎ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ በደል ተሓታቲ ክነሱ፡ ዋላ ሓንቲ ግዜ ናይ ምድግጋፍ መግለጺ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣየውጽአን። ስለዚ ከኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣካላቱን ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰል ኤርትራውያንን ሰብኣዊ ገበናትን እቶም ድሕሪ

ኩሉ ከዛረቡ ዘለዎም እዮም። ፋይል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ካብ ኩሉ ሰብኣዊ ተዘኪሮታት ዘይሃስስ ብምዃኑ ፍጹም ክርሳዕ ዝኽእል ኣይኮነን።

**መ-** ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ነቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምትግባር ንኢትዮጵያ ኣብ ምስግዳድ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ፈሺሉ ምባሉ መን ክኣምኖ ይኽእል። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ንከም መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ቍጠባውን ሓገዝ ዝምርኮስ ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ክትግብር ምእንቲ ናይ ብሓቂ ከስገድዶ ዘይክእል እንተ ኮይኑ፡ ኣየነይተን ሃገር ወይ ክፍለ ዓለም ድኣ'ያ ነዚ ውሕስነት ባይቶ ጸጥታ ዘለዎ ውሳነ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ከተስገድድ እትኽእል!!? ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ሓቅነትን ፖለቲካዊ ትብዓትን እንተዝህልዎ ነይሩ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብመሰረት ስምምዓት ኣልጀርስ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ተራኡ ወይ ግቡኡ ኣይፈጸመን ምበለ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ብካርታታትን ቬርቾዋል ዲማርከሽንን ክውድኦ ተገዲዱ። ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ነብሱ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ማሕበረሰብ ዓለምን ሓቀኛን ክውንነታውን እንተዝኸውን ነይሩ፡ ኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ንኽትትግብር ከምቲ ዓንቀጽ (14) ናይ'ቲ ብ18 ሰነ 2000 ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተኸተመ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ዝእዝዞ ብመሰረት ምዕራፍ ሸውዓተ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር ኢትዮጵያ ኣድላዪ ወተሃደራዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ስጉምቲታት ንኽይወስድ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብመገዲ ኣምባሳደሩ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዝነበረት ሱዛን ራይስ ኣቢሉ ከም ዝዓገቶ ክሕብር ይኽእል ነይሩ። ዋሽንግቶን ንኣዲስ ኣበባ እትህቦ ሓገዝ ናጻ ኣይኮነን። ዋጋኡ ዝተኸፍለ እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብውክልና ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ኣሜሪካ ንምትግባር ኣብ ዞባና ፖለቲካውን ወተሃደራውን ባርዕ'ዩ ዝፈጥር ዘሎ። ብተመሳሳሊ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ወተሃደራውን ፋይናንሳውን ሓገዝ ክገብር ከሎ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት ብቀዳምነት ድማ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶ ጸጥታን ዋላ ሉኣላዊት ሃገር ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት እንተ ወረረት ከምቲ ብ26 ታሕሳስ 2006 ኣብ ሶማል ዝፈጸመቶ ወራር ንኽይትኹነን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ጉልባብ ኮይኑ ኣሎ።

5- ዓቃበ-ሰላም ሓይሊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት እንተ ኮይኑ ግን፡ ጸገማቱ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ነዳዲ ጉዳይ ዘይኮነስ፡ ካብኡ ኣዝዩ ዝዓቢ እዩ። ንኣብነት፡

**ሀ-** ገለ ወተሃደራት ዓቃበ ሰላም ሓይሊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ናይ ስለያ ስራሕ ተዋፊሮም ነይሮም።

**ለ-** ገለ ወተሃደራቱ ድማ ንናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መካይን እናተጠቐሙ ንግዲ ብደቂ ሰብ የካይዱ ነይሮም።

**ሐ-** ገለ ወተሃደራት ከኣ ኣብ ልዕሊ ገለ ደቀንስትዮ ኤርትራ ጾታዊ ዓመጽ ፈጺሞም መንግስቲ ኤርትራ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቕሪቡዎ ከብቅዕ፡ እታ ነዚ ጉዳይ'ዚ ክትርኢ ዝተመዘዘት መርማሪ ኮሚተ ከይወሰነት ከላ ዓቃበ ሰላም ሓይሊ ኣብ 2005 ወጺኡ።

**መ-** ዓቃበ-ሰላም ሓይሊ ነቶም ብኲናት ካብ ዓዶም ዝተመዛበሉ ዜጋታት ኤርትራ ናብ ናብ ዓዶም ንኸይምለሱ ይዕንቅፎም ነይሩ። ምስ መንግስቲ ኤርትራ ድማ ሽግራት ይፈጥር ነይሩ።
**ረ-** ነቲ 25 ኪሎ ሜተር ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዕምቆት ዘለዎ ካብ ብረት ናጻ ክኸውን ዝተወሰነ ናጻ ዞባ ድማ ከምዘይሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ይጥምቶ ነይሩ። እዚ ካብ መላእ ስፍሓት ኤርትራ ሓሙሻይ ኣፍ ዝሽፍን 25 ሽሕ ኪሎ ሜተር ዝስፍሓቱ ከባቢታት መስርሕ ምምልካት ዶብ ከምዘይምልከቶ'ዩ ዝርአዮ።

**ሰ-** ኮምሽን ምምልካት ዶብ፡ ኢትዮጵያ ንውሳነ ምምልካት ዶብ ድሕሪ ምንጻጋ፡ ዶብ ክልቲአን ሃገራት ብቬርችዋል ከም ዝተመልከተ ምስ ኣወጀ፡ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ቀጻልነት ዓቃበ ሰላም ሓይሊ ኣብ ኤርትራ ምኽንያት ኣይነበሮን።
6- ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኤርትራ ኣብ ሶማል ኢዳ ምስ ኣእተወትን ንራስ ዱሜራ ምስ ተቆጻጸረትን ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ብቁጽሪ 1907 ዝፍለጥ ውሳነ እገዳ በይኑላ ይብል።

**ሀ-** ተቆጻጻሪ ጉጅል ሶማልን ኤርትራን ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ኤርትራ ዘሕልፎ ዝነበረ ጸብጻባት ግጉይን መደናገሪን ምንባሩ ተረጋጊጹ እዩ። ተቆጻጻሪ ጉጅለ ንባዕሉ ኣብ'ቲ ዝሰዓበ ጸብጻቡ ኣትሪፉዎ እዩ። እቲ ተቆጻጻሪ ጉጀለ ሶማልን ኤርትራን ዝመሃዞ ውጹእ ሓሶት ወይ ኣቀዲሙ ተማሂዙ ዝተዋህቦ፡ 2000 ወተሃደራት ኤርትራ ኣብ ሶማል ኣትዮም ኣለዉ፡ ኤርትራ ንተቓወምቲ ሶማልን ምንቅስቃስ ሽባብ ኣልመጃህዲንን ብባሕሪን ኣየርን ኣጽዋር ሰዲዳትሎም ዝብል'ዩ ነይሩ። ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ግን ከምቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ባይታ ዘሎ ዘይፈልጦ፡ ነዚ'ውን ዝፈልጦ ኣይመስልን እዩ። ነቲ ብትካላት ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣንጻር ኤርትራ ዝንዛሕ ውጹእ ሓሶታትን ጸለመን ከምዘለዎ ከየጻረየ'ዩ ዝደጋግም።

**ለ-** ጉዳይ ራስ ዱሜራ እንተ ኮይኑ ግን፡ ኣካል ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ስለዝኾነ ሓይልታት ኤርትራ ኣይኀበጦን። እቲ ዘጋጠመ ድማ ተጻብኦ ጂቡቲን ኣብ ውሱን ነፍስ ምክልኻል ጥራይ ዝተደረተ መልሰ ተግባር ኤርትራን'ዩ ነይሩ።

**ሐ-** ልክዕ'ዩ ተቆጻጻሪ ጉጀለ ሶማልን ኤርትራን ኩሉ'ቲ ዘቅረቦ ናይ ሓሶት ክሲታት ሓደ ድሕሪ ሓደ ወዲቁ እዩ። ነዚ ድማ ምስጢራዊ ሰነዳት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ኣቃሊዑዎ እዩ። ውሳነ እገዳ ድማ ብሓይሊን ጽልዋን ጸቕጢን ምምሕዳር ኣሜሪካ ገና ይቅጽል ኣሎ። ከምቲ ልሙድ ባህርያቱ ግን ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣይጠቀሶን።

**መ-** መሃንድስ ውሳነ እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ቁጽሪ 1907 ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘይኮነስ፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ምዃኑ ምስጢር ኣይኮነን። ኤለክትሮኒካዊ መርበብ ሓበሬታ ውክሊክስ ብ29 መስከረም 2009 ካብ ቤት ጽሕፈት ወኪል ኣሜሪካ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሱዛን ራይስ ዝረኸቦ ሰነድ ከም ዝገልጾ፡ "ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ነቲ ባይቶ ጸጥታ ኣንጻር ኤርትራ ዝወሰዶ ውሳነ ብትሪ ይድግፎ ይብል። ቀጺሉ ራይስ ርእይቶ ፕረዚደንት ኡጋንዳ ሞሰቪኒ ብምጥቃስ፡ ሕሉፍ

ተመኩሮ ከም ዘረጋግጾ፡ ባይቶ ጸጥታ ብሃገራት ኣፍሪቃ ዝቀርብን ብሕብረት ኣፍሪቃ ዝተደገፈን ውሳነ ከምዘይዓግቶ፡ ነዚ ውሳነ'ዚ በርኪነፋሶን ኡጋንዳን እንተ ድኣ ኣቕሪበንኦ፡ ብሪጣንያ ክትድግፎ እያ፡ ፈረንሳ ድማ ርእሳ ብምድናን ንምሕላፉ ኣይከትቃወምን እያ ይብል። ሱዛን ራይስ ብወገና ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፈረንሳ ነበር ቤርናርድ ኮሽነር ነቲ ኣሜሪካ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ውሳነ እገዳ ንምሕላፍ እተካይዶ ጻዕሪ ንኽድግፍ  ኣብ ምዕጋቡ ተጓዪያ። ካልእ ውክሊክስ ብ23 ታሕሳስ 2009 ዘቃልዖ፡ ምስጢራዊ ሰነድ ኣሜሪካ ከም ዝሕብሮ ድማ፡ "ኣምባሳደር ራይስ ኣብ ልዕሊ ሓለፍቲ ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ኮሽነር ንጻዕሪ ኣሜሪካ ክሕግዝ ከም ዝጠለበት፡ ኮሽነር ብወገኑ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ክሳተፍ ምዃኑ ብምምልካት፡ ነቶም ኣብ ሶማል ተታሒዞም ዘለዉ ፈረንሳውያን ንምውጻእ ናይ ኤርትራ ሓገዝ ንምርካብ ግዜ ከም ዘድልዮ፡ እቶም ተታሒዞም ዝነበሩ ፈረንሳውያን ብሓገዝ ኤርትራ ምስ ወጹ ድማ፡ ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ክትሳተፍ ከምዝኾነት ገሊጹ። ናይ ብሓቂ ስነ-ምግባር ዘጥፍአ ዘነውር ተግባር!!! ከም ዝፍለጥ ሃገረ ኤርትራ ካብ ሰብኣዊ ሓልዮት ተበጊሳ ብመሰረት ወግዓዊ ጠለብ ፈረንሳ ነቶም ተታሒዞም ዝነበሩ ፈረንሳውያን ንምውጻእ ጻዕሪታት ኣካይዳ እያ። እንተኾነ ግን ፈረንሳ ንጽቡቕ ተግባር ኤርትራ ብምክፋእ ንስትራተጂ ኣሜሪካ ተንበርኪኻ። ኣብዚ እቲ ዘገድስና ግን ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ንርዱእ ምኽንያታት ከምቲ ኣብ ብዙሕ ጉዳያት\ ዘርእዮ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ'ውን ጎስዩዎ እዩ።

**ዓሰራይ፡- ቦታን ተራ ጓል ኣንስተይቲ**

ጸብጻብ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብዛዕባ ቦታን ተራን ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ ብኩለንተናኡ ንክውንነት ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ ዝጻረር ደብዛዝ ስእሊ'ዩ ኣቕሪቡ። ከም ዝፍለጥ ሰውራ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ድማ ካብ ቀዳማይ ጉባኤኡ 1977 ጀሚሩ ብፍላይ ንሓርነት ጓል ኣንስተይቲ ካብ መግዛእቲን ድሑር ባህሊታትን ሓራ ንምውጻእ ከም ቀንዲ ዕላማኡ ገይሩ'ዩ ክሰርሓሉ ጸኒሑ። ካብዚ ዕላማ'ዚ ድማ ትማሊ ይኹን ሎሚ ፍጹም ነቕ ኣይበለን። ልክዕ'ዩ ጓል ኣንስተይቲ ናብ'ቲ ሃገረ ኤርትራ ዘለዋ ባህጊ ገና ኣይበጽሐትን ኣላ ይኹን'ምበር ንሓያልን መሃዚን ዓቅማ ዝዕንቅጽ ኩሉ ዓይነት ቀይዲታት ንምብታኽ ዘኽእል ወድዓዊ ቅድመ ኩነት ንምርግጋጽ ሓያል ጻዕሪ ተካይድ ኣላ። ምስ'ዚ ግን ኣድማዒ ተራ ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ ኣብ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ጥዕናውን ትምህርታውን መዳያት ካብ ናይ መሰልታ ደቀንስትዮ ሃገራት ምብራቕ ይኹና ምዕራብ ኣዝዩ ዝበረኸ እዩ። ንጓል ኣንስተይቲ ኣብ ሲብላዊ ይኹን ወተሃደራዊ ሂወት ዝጻባእ ተግባር ድማ ሓያል መቕጻዕቲ ከም ዝወርዶ ሕጊ ኤርትራ ይሕብር።

ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ ብዙሓት ኣህጉራውያን ደቀንስትዮ ከም ዝምስክርኦ እትውንኖ ልዑል ቦታ ብህያብ ዝረኸበቶ ዘይኮነስ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት እንኮላይ ወተሃደራዊ ብዘካየደቶ ቃልስን ተወፋይነትን ኣድማዒ ኣበርክቶን ዝመጸ እዩ። ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ዘይፈልጦ ኮይኑ እምበር፡ ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ኣብ 1998 ኣብ ግዜ ወራር ወያነ ሉኣላውነት ሃገር ንምክልኻል መዳርግቲ ዘይርከቦ ጅግንነት ፈጺማ እያ። ብዘይ ጅግንነታዊ ተሳትፎ ጓል ኣንስተይቲ ድማ ሰውራ ኤርትራ ክዕወትን ኤርትራ'ውን ንሰብኣዊ ማዕበል ወራር

ኢትዮጵያ ከትስዕሮን ኣይምኸኣለትን ነይራ።

ዕላማ ናይ’ዚ ሰብኣዊ ዘይኮነ ኮምሽን’ዚ ንቦታን ተራን ናይ’ዛ ሰራሒት ተኣምር ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ ኣቀዲሙ ከጸልሞ ካብ ተበገሰ እንታይ ክግበር ይከኣል!? ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ምስሊ ኤርትራ ንምድዋንን ነቲ ግጉይ ጽብጻቡ ንምምኽናይን ከም ተወሳኺ ናይ’ቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘሕለፎ ናይ ሓሶት ጸብጻባት ኣንጻር ኤርትራ ካልእ ሓድሽ ውሳነ ንምሕላፍን ኣቐዲሙ’ዩ ዕላማኡ ኣነጺሩ።

## መበል 11፦ ጸጥታዊ ስርዓት

ምምሕዳር ኣሜሪካ ምስ ኩሉ’ቲ ዝውንኖ ጸጥታዊ ትካልን ዘመናዊ መጸናጸንን ዓቢ ፋይናንሳዊ ዓቕሚን ከምቲ ምልካውያን ስርዓታት ምብራቕ ኤውሮጳ ዝፈሸልዎ፡ ንሕብረተሰብ ኣሜሪካ ኣብ ምክትታል ፈሺሉ እዩ። ኤርትራ እንተኮይና ግን ምስቶም ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝፈልጦም ትካላት ጸጥታ ብምንጽጻር፡ ጸጥታ  ዜጋን ሃገርን ኣብ ምውሓስ ብኣድማዕነት ዝሰርሕ ድኣ’ዩ እምበር ኣዝዩ ምቅሉል ትካል ጸጥታ’ዩ ዘለዋ። ኤርትራ’ውን ሓንቲ ካብተን ጸጥታዊ ስግኣት ዘይብለን ሃገራት እያ። ዝኾነ ናብ ኤርትራ ዝመጽእ ድማ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነትን ማዕከናት ዜና ምዕራብ ጸጥታዊ ጸገማት ከምዘሎ ኣምሲለን ዘቃልሕኦ ፕሮፖጋንዳን ዓቢ ፍልልይ’ዩ ዝረኽበሉ። ዕላማ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ድማ ከምቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቢሉ ኣንጻር ኤርትራ ዓማጺ ውሳነ እገዳ ከሕልፍ ዝኸኣለ፡ ንኤርትራ ሓያል ናይ ፖሊስ ቁጽጽር ከምዘለዋ ኣምሲሉ ኣንጻራ ካልእ ዓማጺ ውሳነ ንምሕላፍ እዩ።

## መበል 12፦ ናጽነታት ኣብ ኤርትራ

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ፡ ናይ ምንቅስቓስ፡ ሃይማኖታዊ እምነትካ ናይ ምዝውታር ናጽነት የለን’ዩ ዝብል። እዚ ድማ ነዚ ዝስዕብ ሓቂታት ብዘይምፍላጡ እዩ።

1- ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢን ሰበ-ስልጣን መንግስቲን ግንባርን ምስ ህዝቢ ዘካይድዎ\ ሰሚናራትን ኣኼባታትን ኣብ ዞባታትን ከተማታትን ዝካየድ ገምጋማዊ ኣኼባታትን ብምሉእ ናጽነትን ደሞክራስን ዝመያየጥሉን ሓሳባቶም ዝገልጽሉን ዝነቅፍሉን ንኩሉ ሂወት ዜጋታት ብቀጥታ ዘገድስ ጉዳያት ዝትንትንሉን መድረኽ እዩ።

2- ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ኩሉ መኣዝናት ሃገሩ ብናጻ’ዩ ዝንቀሳቀስ። ንምንቅስቓስ ዜጋታት ዝቆጻጸር ኣካል ድማ የለን። መንግስቲ ኤርትራ ሰፊሕ ህዝባዊ ደገፍ እንተ ዘይነብሮ ድማ፡ ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ምወደቐት፡ ንኩሉ ናይ ተጻባእቲን መጋበርያታቶምን ውዲታት'ውን ኣይመፍሸለቶን ነይራ። ዕድል ኤርትራ'ውን ከምተን ተበታቲነን ኣብ ዓቢ ቅልውላውን ሰብኣዊ ሽግራትን ኣትየን ዘለዋ ሃገራት ምኾነ ነይሩ።

3- ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ንሃይማኖታዊ እምነታት ህዝቢ ኤርትራ ዘኽብር ዓለማዊ ስርዓት እዩ። ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳይ ዜጋታት ድማ ኢዱ ኣይእቱን እዩ። ይኹን'ምበር ካብቶም ጥሩፍ ሃይማኖታዊ እምነታት ከእትዉ ዝፍትኑ ናይ ደገ ሓይልታት ንሃገር ክከላኸል ግድን እዩ። ኮምሽን መርማሪ

ሰብኣዊ መሰላት ክቅበሎ ኣይደለየን እምበር ኣብ ዝተፈላለየ መኣዝናት ዓለም ሃይማኖታዊ ውግኣትን ጃምላዊ ህልቂትን ይፍጸም ከምዘሎ ምስጢር ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሃይማኖታውን ሕውነታውን ስኒትን ምጽውዋርን ድማ ብዘይምግናን ካብ ብዙሓት ሃገራት ምብራቕን ምዕራብን ብኣብነት ዝግለጽ ክውንነት ኤርትራ ዝምስክሮ እዩ። መንግስቲ ነቲ ኤርትራ እትሕበነሉ ሃይማኖታዊ ታሪኻዊ ቅርስቲታት ንምዕቃብ ድማ፡ ነቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ብሓይልታት መግዛእቲ ዝዓነወ ኣብያተ ክርስትያናትን መሳጊድን ዳግም ኣብ ምህናጽ ሓገዝ ከምዝህብ ይፍለጥ።

## መበል 13፡- ሃገራዊ ኣገልግሎት

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ስልጣኑ ዝፈልጥ ወይ ኤርትራ ሉኣላዊት ሃገር ምዃና ዝፈልጥ ኣይመስልን እዩ። ንሃገራዊ ጸጥታ ዝምልከት ከም ሃገራዊ ኣገልግሎት ከይተረፈ ምዝራቡ መኣዝኑ ከምዝስሓተ'ዩ ዘረድእ። ከይሓፈረ ድማ እዚ ዘሎ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምስ ቅቡል ረብሓ ሃገራዊ ምክልኻል ዝኸይድ ኣይኮነን ይብል። (ገጽ 408) ካብዚ ክበርህ ዝኽእል ጉዳይ እንተ ሃልዩ ድማ፡ እዚ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ንታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ኤርትራ ዘይፈልጥ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ካብ መንግስቲ ኤርትራ ንላዕሊ ረብሓ ሃገራዊ ምክልኻል ኤርትራ ዝፈልጥ ኮይኑ ምቅራቡ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ መርገጺ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ብኩሉ መለክዒታት ንጹግን ዘይቅቡልን እዩ። ንሓቀኛ ትምክሕታውን መግዛእታውን ኣተሓሳስባ ናይ'ቲ ኮምሽን ድማ የብርህ። እቲ ኮምሽን ኣብ ጸብጻቡ ኤርትራ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣብ ውትህድርና ከም እተእቱ ምግላጹ፡ ኮነ ኢሉ ንምስሊ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራን ንምጽላም ምዃኑ ዘማትእ ኣይኮነን። ኤርትራ ኣብ ግዜ ሰውራ ይኹን መንግስቲ ቆልዑ ኣብ ውትህድርና ከምዘይእተወትን ከምዘይትኣምነሉን ታሪኻ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ሕጊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድማ ንጹር ብሩህን እዩ። ካብ ወዲ 18 ዓመት ንታሕቲ ፍጹም ኣይቅበልን እዩ።

## መበል 14፡- ማሕበራዊ ኣቓውማ ኤርትራ

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ሒዙዎ ዘሎ ሓቂ ናይ ምጥምዛዝ ፖሊስኡ ኣብ ጸብጻቡ ገለ ሕብረተሰብ ኤርትራ መሰሎም ኣይክበርን'ዩ ክብል ገሊጹ ኣሎ። እዚ ድማ ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ጸሊም ሓሶታት ናይ'ቲ ኮምሽን እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ብዝኽተሎ ምዕሩይ ዝርጋሐ ልምዓት ነቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝያዳ ዝተንድአ ከባቢታት ቀዳምነት ብምሃብ ኩሉ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ሸዱሽቲኣን ዞባታት ማዕረ መሰል ከምዘለዎ ዋላ ሓደ ዝስሕቶ የለን። ኣብ ኤርትራ ሃይማኖታውን ባህላውን ዓሌታውን ብዙሕነት ድማ ንስሙር ኤርትራዊ መንነት ዘሀብትም ዓቢ ጸጋ እዩ። ብዙሕነት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ስሙር መንነት ድማ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ዞባና ተወዳዳሪ ዘይብሉ ጸጋ እዩ።

## መበል 15፡- ግዝኣተ ሕጊ

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ብሓሶትን ምድንጋርን ኤርትራ ብሕጊ ኣይትግዛእን'ያ ይብል። እቲ ሓቂ እምበኣር ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣይፈልጦ ክኸውን ኣለዎ ወይ ድማ

ኣይኣምነሉን ማለት እዩ። ኣብ ክልቲኡ ድማ መርገጺኡ ትምክሕቲ ዝዓብለሎ መደናገሪ እዩ። ከም ዝፍለጥ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ 176 ሕጋዊ ኣዋጃት ኣውጺኡ ኣሎ። ሚኒስትሪ ፍትሒ'ውን ኣብዚ ቀረባ እዋን ሲቭላውን ገበናውን ሕጊታት ኣውጺኡ ኣሎ። እዚ ድማ ኤርትራ ብሕጊ እትግዛእ ሃገር ምዃና ዘረድእ ጭቡጥ ምስክር እዩ።

## መበል 16፦ ዓወታት ኤርትራ

ኤርትራ ምስ'ቲ ኩሉ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊኣ ዝተበየነ እገዳን ብምምሕዳር ኣሜሪካን መሓዝቱን መጋበርያታቱን ዘጋጠማ እዉጅን ዘይእዉጅን ቀኣጠባዊ ኲናትን ነቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኣወጆ ሚለንዩም ብዓወት ዛዚማቶ እያ። ነዚ ድማ እቲ ኮምሽን እናሓፈረ ከገልጾ ተቀሲቡ እዩ። እቲ ዝተረጋገጸ ዓወታት ድማ ካብቲ ቀንዲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት እዩ። ንሱ ከኣ፦

1- ምድምሳስ ድኽነትን ጥሜትን
2- ንኩሉ ዜጋ ናይ መባእታ ትምህርቲ ምርግጋጽ።
3- ምርግጋጽ ጾታዊ መዓርነት።
4- መጠነ ሞት ኣብ ህጻናት ምጉዳል።
5- ኣካላዊ ጥዕና ምምሕያሽ።
6- ምምካት ኤድስን ዓሶን ካልኦት ቀተልቲ ሕማማትን።
7- ምዕቃብ ኣከባቢ።

እዚ ኤርትራ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ሰብኣዊ መዳያት ዘረጋገጸቶ ዓቢ ዓወት ንብዙሓት እንኮላይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘደነቐ እዩ ነይሩ። ምስጢር ናይ'ዚ ብዙሓት ሃገራት ዓቢ ሓገዝ እናረኸባ ከለዋ ከረጋግጽኦ ዘይከኣላ ኤርትራ ከተረጋግጾ ምኽኣላ፡ እቲ ጉዳይ ካብ እዋን ሰውራ ዕላማታታ ስለዝነበረን ሕጂ ኣብ እዋን ናጽነት ድማ ስለዘሎን ጥራይ እዩ። እዚ ድማ ነቶም ንኤርትራ ዝጻብኡን ዘካፍኡን ወገናት እኹል መልሲ እዩ። ኤርትራ ምእንቲ ሰብኣዊ መሰላት ተቃሊሳን ኣሸሓት ሰማእታት ከፊላን እያ። እዚ ድማ ነቶም ኣብ 20 ሰነ ኣብ ውሽጢ ሃገር ወጻኢን ብክብሪ እንዝክሮም ጀጋኑ ሰማእታትና ዓቢ ህያብ እዩ። ዘጋጥመና ውዲታትን ተጻብኦታትን ዕቤቱ ብዘየገድስ ከኣ ሕድሪ ሰማእታትና ንምፍጻም ከም ወትሩ ድሉዋት ኣሎና።

## መበል 17፦ ዝተጎብጠ መሬት ኤርትራ

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ብዛዕባ'ቲ ኢትዮጵያ ጎቢጣ ሒዛቶ ዘላ መሬትና ዋላ ሓንቲ ቃል ብጬቕ ኣይበለን። ከምኡ'ውን ብዛዕባ'ቶም በቲ ኣብ 1998 ኢትዮጵያ ዝወልዓቶ ኲናት ዝተመዛበሉን ናብ ዓዶምን መሬቶምን ዝምለስሉ መዓልቲ ብትዕግስቲ ዝጽበዩን ዘለዉ ኤርትራውያን ኣይተዛረበን። እቲ ጉዳይ ከም ሰብኣዊ መሰል ኣይተራእየን ማለት እዩ። ጎበጣ ኢትዮጵያ ንሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ድማ ከም ግህሰት ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን እንኮላይ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣይተራእየለን ማለት እዩ።

## መበል 18፦ ጉዳይ ዶብ

ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጉዳይ ዶብ ብዲፕሎማስያዊ ኣገባብ ንኽፈትሓ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ክሕግዘን ተላብዩ። (ገጽ 458)

1- ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኮምሽን ምምልካት ዶብ ብ13 ሚያዝያ 2002 ብዘውጽኦ ውሳነ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከም ዝተወድአ ዝፈልጥ ኣይመስልን ወይ ክፈልጥ ኣይደለየን። ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቬርችዋል ምምልካት ካርታታትን ተሳኢሉ እዩ። ዕማም ኮምሽን ምምልካት ዶብ'ውን ተወዲኡ ናይ መጨረስታን ጸብጻቡ ብ7 ጥሪ 2008 ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባንኪ ሞን ብምሕላፍ ጠቒሊሉ ወጺኡ እዩ። ሕጂ ተሪፉ ዘሎ ምቅባል ኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ዶብን ካብቲ ጎቢጣ ሒዛቶ ዘላ መሬት ኤርትራ ምውጻእን ጥራይ እዩ። ባይቶ ጸጥታ ብግደኡ ብመሰረት ስምምዓት ኣልጀርስ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ መሬት ኤርትራ ንኽወጽእ ከስገድድን ከምኡ ድማ ኣብ'ቲ ኣብ ዓንቀጽ 14(ሀ) ናይ'ቲ ብ18 ሰነ 2000 ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝተኸተመ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ኣንጻር ኢትዮጵያ ብመሰረት ምዕራፍ ሸውዓተ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድን እዩ።

2- እቲ ብኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝቐረበ፡ "ንኤርትራ ኢትዮጵያን ጉዳይ ዶብ ብዲፕሎማስያዊ መገዲ ንኽፈትሓ ምሕጋዝ ዝብል፡ ነቲ ብ12 ታሕሳስ 2000 ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ ብቕሉዕ ዝግህስ እዩ። ከምኡ ድማ ነቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ዘፍርስ እዩ። ስለዚ ድማ ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ ለበዋ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ብሕጊ ፍሩስ፡ ብፖለቲካ ድማ ዘይቅቡል እዩ።

## መበል 19፦ ኣካይዳ ኮምሽን ኣብ ስራሑ

1- ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምድላው ጸብጻቡ ኣብ ናይ 550 መንነቶም ዘይፍለጥ ሰባት ምስክርነት ከም ዝተመርኮሰ ይሕብር። ብኣንጻሩ ድማ ምስ 200 ካብ ውድባት ማሕበረ ኮማት ኤርትራ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ብዝምልከት ምርኻብን ምምይያጥን ኣብዩ።

2- መብዛሕትኡ'ቲ ኮምሽን ዝረኸቦ ምስክርነት ካብተን ምስ ኤርትራ ጽልኢ ዘለወን ሃገራት ከም ኢትዮጵያን ጂቡቲን'ዩ ኣኪብዎ።

3- ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣብ ጸብጻቡ ንኩባንያታት ዕደና፡ ከይተራኸበንን ከይተወከሰንን ናይ ሓሶት ክሲታት ብምቕራብ ዒላማ ገይሩወን። ከም ዝፍለጥ ገለ ካብዘን ኩባንያታት እዚኣተን ንጸብጻባት ካልኦት ኣሰር ናይ'ቲ ኮምሽን ዝሓዛ ውድባት ተጠቢቐቲ ሰብኣዊ መሰላት ብተደጋጋሚ ብትሪ ነጺገንኦ እየን።

4- ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ነቲ ብሪጣንያ ደንማርክን ፊንላንድን ብዛዕባ ኤርትራን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ካብ ክውንነታዊ ባይታ ዘዳለውኦ ጸብጻብ ኩሉ ዝረኸቦ ኣብ ኢንተርነት ዝተዘርግሐ ክነሱ ምስቲ ክበጽሖ ዝደሊ ዕላማ ስለዝጻረር ክርእዮ ኣይመረጾን። ምኽንያቱ እቲ ዝደልዮ ጠመተ ዓለም ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብቁጽሪ 1907ን 2023ን ብባይቶ ጸጥታ ዝተበየነ እገዳ ብሓደ ወገን፡ ካብቲ ኢትዮጵያ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ድሕሪ ምውሳኑ ጎቢጣ ሒዛቶ ዘላ መሬት ኤርትራ ድማ በቲ ካልእ ንምጥዋይን ከምኡ ድማ ብዛዕባቶም ናብ'ቲ ዝተንብጠ ዓዶም ንኽምለሱ ብሃንቀውታ ዝጽበዩ ዘለዉ ኩናት ዘመዛበሎም ኣሽሓት ኤርትራውያን ንኸይዛረቡን እዩ።

5- ኩሉ'ቲ በቲ ኮምሽን ዝቐረበ ናይ ሓሶት ጸብጻባት ካብ ናይ ሓሶት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ዝተቐድሐን ኣህጉራዊ ውድብ ሰብኣዊ መሰላት ዝደጋገሞን ተጣበቂ ውድብ ሰብኣዊ መሰላት ዘኾምስዖን ውድብ ብዘይዶብ ዝሓየኾን እዩ። እዚ ጸብጻባት'ዚ ከኣ ኣንጻር ኤርትራ ብዝቐንዐ ሕሳባት ካብ ኤርትራ ወጻኢ ምስ ክውንነት ኤርትራ ብዝጻረር ኣቐዲሙ ዝተዳለወ እዩ። ኣዳለውቱ ንባዕሎም ዋላ ትንፈር እምበር ጤል'ያ እዮም ዝብሉ።
6- እቲ ዕላማ ወድዓዊ ጸብጻብ ንምቅራብ ስለዘይነበረ እቲ ኮምሽን ኣብ ምድላዉ ሌላን ጉሌላን ይገብር ነይሩ። ንዝኾነ ዝረኸቦ ሓበሬታ'ውን ክጻርዮ ኢሉ ኣይፈተንን። ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ጠዊኻ ጉጉይ ጸብጻብ ብምቅራብ ኣንጻር ኤርትራ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓማጺ ውሳነ ንምሕላፍ እዩ።

## መበል 20፡- ታሪኻዊ ተጻብኦ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኤርትራ እንታይ'ዩ ዕላማኡ!!?

ኣብ መጨረስታ ተሪፉ ዘሎ እምበኣር መልሲ ናይ'ዚ ንገለ ከጨንቕ ዝኽእል ታሪኻዊ ተጻብኦ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር ኤርትራ እንታይ'ዩ ዕላማኡ!!? ዝብል እዩ። እቲ መልሲ ብሓጺሩ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንባዕሉ ንኤርትራ ዝጻባእ ውድብ ኣይኮነን። ነዛ ሓቂ፡ ኣህጉራዊ ፍትሒ ሕጋዊ መኣዝኑ ከሕዝ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ፍትሒ፡ ሰላም፡ ቅሳነትን ብልጽግናን ዘሎ ባህጊታት ዓለምን ሃገራትን ዘንጸባርቕ ውድብ ክኸውን፡ ጥራይ እትደሊ ኤርትራ ክጻባእ ኣይክእልን እዩ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ጂኦ ፖለቲካውን ጂኦ እስትራተጂያውን ዕላማታት ንምትግባር ኣብ ዝደለየቶ ግዜን ቦታን ከም ድላያ እትዝውሮ ካብ ኮነ ግን እንታይ ክግብር ይከኣል!? ኣሜሪካ ከምቲ ብ20 መጋቢት 2003 ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ዝፈጸመቶ ወራር ድማ፡ ኣብ ዝደለየቶ ግዜ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ረጊጻ ዘድልያ ካብ ምፍጻም ዝዓግታ የለን። ትካል ስለያ ኣሜሪካ ብዘዳለዎ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ስርዓት ዒራቕ ኣዕናዊ ኣጽዋር ኣለዎ ተባሂሉ። ዒራቕ ምስ ዓነወት ግን ፖለቲካዊ ሓሶት ኣሜሪካ ተቓሊዑ። ኣዕናዊ ኣጽዋር ኣብ ዒራቕ ኣይጸንሐን። ምስዚ ኩሉ ግን ተኸታተልቲ ስርዓታት ምምሕዳር ኣሜሪካ ካብ ሕሉፍ ተመኩሮ ዒራቕ ገና ኣይተማህሩን። ብመገዲ ትካላቶም ንዕኦም ብዘገልግላ ካልኦት ውድባትን ትካላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣቢሎም ድማ ኣብ ኤስያን ኣፍሪቃን ዕንወትን ፍንውነትን ንምፍጣር ገና ናይ ሓሶት ጸብጻባት ይምህዙን ይስንዑን ኣለዉ። ሕማቕ ታሪኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ጉዕዞኡን ክፈልጥ ንዝደሊ ድማ ኤርትራ ሎሚ ይኹን ትማሊ ጭቡጥ ኣብነት እያ። ገለ ካብኡ፡

1- ውሳነ ፈደራላዊ ሓድነት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ 1950 ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘስገደዶ እዩ። ነዚ ከኣ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢኣ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ መስኪሩዎ እዩ።
2- ውሳነ እገዳ ቁጽሪ 1907ን 2023ን ኣንጻር ኤርትራ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብመሰረት ዓንቀጽ ሸውዓተ ዘስገደዶ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ ወኪል ዋሽንግቶን ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዝነበረት ኣምባሳደር ሱዛን ራይስ ከም ዝመስከረቶ ብኣሜሪካ ዝተስገደደ እዩ።
3- ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ገና ኣብ ባይታ ኣይተተግበረን ኣሎ። ሓይልታት ኢትዮጵያ'ውን ካብ'ቲ ጎቢጡ ሒዙዎ ዘሎ መሬት ኤርትራ ኣይወጸን። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ውሳኑኡ ከስገድድ ዓቕሚ የብሉን። ምኽንያቱ ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ'ቲ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ውሳነ ኣፍ ደገ ዘተ ክኸፍት ስለዝደለየ። ነዚ ሓቂ'ዚ ከኣ

ወኪል ዋሽንግቶን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ ጆን ቦልቶን ድሕሪ መዝነቱ ምግዳፉ ኣብ 2007 ኣብ ዘውጽኦ “ ኢድ ምሃብ ምርጫ ኣይኮነን” ዝብል መጽሓፉ ገሊጽዎ ኣሎ። ንሱ ተሓጋጋዚት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃ ዝነበረት ጀንዳይ ፍረዘር፡ ኣብ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትይጵያን ዘተ ንምኽፋት ክጽዕር ከም ዝሓተተቶ፡ እቲ ጉዳይ ግን ዋላ ሓደ ከእምነሉ ዘይክእል ዘይቅቡል ስለዝኾነ ከም ዝነጸጋ ሓቢሩ።

4- ምምሕዳር ኣሜሪካ ብሰንኪ’ቲ ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ይኹን ኣብ ላቲን ኣሜሪካ፡ ኤስያ፡ ማእከላይ ምብራቕን ኣፍሪቃን ዝፈጸሞ ጸሊም ታሪኽ ብዛዕባ መሰል ወዲ-ሰብ ድሕሪ ኩሉ ክዛረብ ዘለዎ ክነሱ፡ ኩሉ’ቲ ኣንጻር ኤርትራ ዘካየዶ ውዲታት ምስ ፈሸለ፡ ሎሚ ከምቲ ንኮሚተ እገዳን ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን ውሳነ ቁጽሪ 1907ን 2023ን ኣብ ምሕላፍ ዝተጠቕመሎም ንባይቶ ሰብኣዊ መሰል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ካልእ ውሳነ እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ንምሕላፍ ክጥቀመሉ ይፍትን ኣሎ። ስለዚ ከኣ ኮምሽን መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ነቲ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን ዘተኸተሎን ድሓር ግን ዕላማኡ ምስ ወቅዐ ሓሶት ምኳኑ ዝተኣመነሉን ካብቲ ዝሰዓበ ጸብጻቡ ዝሰረዞን ናይ ሓሶትን ምድንጋርን እስትራተጂን ሜላን ምድጋሙ ዘገርም ኣይኮነን። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ተስፋ ዘይብሉ መርገጺኡ እንተ ድኣ ዘየስተብሂልሉ ድማ እቲ ዝሓለፈ ፍሹል ሲናርዮ ክድገም ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ግን ናይ ምስትብሃል ዓቕሚ ምስ ዝህልዎ ጥራይ እዩ። እንተኾነ ግን ህልዊ ኩነታቱ ካብ ዓለባ ሳሬት ዝኸፍኣ’ዩ ዘሎ።

25 ሰነ 2015

ትርጉም ዑቕባስላሰ መሓሪ (ወዲ-ቀሺ)